


# ፅንቃ
## Tigray Genocide

Vol. I, No. 1 , Jan. 2024
The Magazine of CITG

ቅጺ 1 ፣ ቑ.1 ጥሪ 2016 ዓ.ም.
ብኮ.መ.ጀ.ት ዝዳለው መፅሄት

ኮሚሽን መፅናዕቲ ጀኖሳይድ ትግራይ / Commission of Inquiry on Tigray Genocide



ኣብ ዓፋር፣ ከተማ ኣብዓላ ተጋሩ ተጨፍጪፎም ካብ ዝተቐበሩሉ ቦታ ብዉሑጅ ዝወፀ ቅሪት።

Remains of massacred Tigrayan in Abala town, Afar region.

# ትሕዝቶ
# Contents


4 መልእኽቲ ኮሚሽነር

6 ብዛዕባ ኮሚሽን መፅናዕቲ ጀኖሳይድ ትግራይ (ኮ.መ.ጀ.ት.)

10 ጨፍጫፍ ዕንነ

14 ነገረ ፅንታ

20 ማህሰይቲ: ድሕረ - ስቅያት

26 ፆታዊ ጥቕዓት ከም መሳርሒ ፅንተት

36 ዜና እንትዕፈን፣ ፀልማት ይነግስ፣ ጭንቂ ይዓስል

46 Facts - Tigray Genocidal War


**ምስሊ ሽፋን/Cover Image**

ኣብ ክልል ዓፋር፣ ከተማ ኣብዓላ ተጋሩ ተጨፍጪፎም ካብ ዝተቐበርሉ ቦታ ዉሕጅ ኣዉፂእዎ ዝተረኸበ ሽክና ርእሲ

A skull found in the mass grave of Tigrayans in Abala town, Afar region.

ጀኖሳይድ ትግራይ ዘበት ከይድገም! ዘበት ከይርሳዕ!!
Never Again and Never Forget the Tigray Genocide!!

# መልእኽቲ ኮሚሽነር



ከምዝፍለጥ ኣብ ህዝቢ ትግራይ ዝበፅሐን ይበፅሕ ዘሎን ግፍዒን ገበንን ኣብ ዓለም ተራእዩ ብዘይፍለጥ ኩነታት ኩሎም ዓይነታት ዓለምለኻዊ ገበናት ምስ ኩሉ መግለፂታቶም ዘማልአ እዩ። እቲ ዝሓለፈ ከይኣክል ድማ፣ እቲ ግፍዕን በደልን ሐዚ`ውን ሰላሕታዊ ብዝኾነ መንገዲ ይቕፅል ኣሎ።

ፈፀምቲ ገበናት ኮነ ኢሎም፣ ተሊሞምን ዓቕሚታቶም ኣዋዲዶምን ኣብ ዓለም ብዘይተርኣየ መንገዲ ሕቡኣት ሜላታት ከይተረፈ ተጠቒሞም ህዝቢ ከም ህዝቢ ከፅንቱ፣ ዓቕሞም ዝፈቐደሎም ኩሉ ሰሪሖምን ይሰርሑ ኣለዉን። ዓለምለኸ ማሕበረሰብ እውን ዘለዉዎ ሕግታትን ዝኣተዎም ቃል ኪዳናትን እናተጥሓሱ እናረኣየ ዳርጋ ሱቕ ኢሉ ፀግዑ ሒዙ ካብ ምዕዛብን ናይ ሻቕሎት ሓሳባት ካብ ምግላፅን ዝዘለለ ርኡይን ተግባራዊን ምንቅስቓስ ንክገብር ብዙሕ ግዘ ወሲድዎ፣ ሐዚ ’ውን ይጉተት ኣሎ።

ህዝቢ ትግራይ ኣብ ልዕሊኡ ዝተኣወጀ ኩለመድያዊ ተግባራት ምፅናት ዘርኢ ከወግድን ክከላኸልን ኣብ ዘይደልዮን ዘይተፀበዮን ኲናት ኣትዩ ኣሻሓት ደቁ ሰዊኡ። መስዋእቲ ደቁ ብዓወት ከምዝዛዘም ዘየጠራጥር እኳ እንተኾነ፣ እቲ ዝርከብ ዓወት ሙሉእ ዝኸውን ግና:-

- → ትግራይ ናብቲ ጀሚራቶ ዝነበረት ልምዓት ብዝበለፀ ዴሞክራሲያዊነት፣ ልዕልነት ሕጊ ዝተረጋገፀላን ሙሉእ ኢኮኖሚያዊ ዕብየትን ዝተመዝገበላን እንትትኾን፤
- → ፈፀምቲ ገበንን ተሓባበርቶምን ናብ ሕጊ ቐሪቦም ፍትሕን ርትዕን እንትረጋገፅ፤
- → ዝግበአና ካሕሳ ካብ ገበን ፈፀምቲ ውልቀ ሰባት፣ ትካላት፣ ሃገራትን ካብ ዓለም ለኸ ማሕበረሰብን እንትንረክብ፤
- → ከምኡውን እዚ ኣብ ልዕሌና ዝተፈፀመ ገበን “ዘበት ከይድገም፣ ዘበት ከይርሳዕ” ኢልና ንትውልዲ ብዝግባእ ሰኒድና ክነሕልፍ እንትለናን እዩ።

እዚኣቶም ንምስኻዕ ድማ ኣብ ልዕሌና ዝተፈፀሙ ገበናትን ዝበፅሑና ጉድኣትን ኩሎም ብእርይ ቁፅር ክነፅንዖምን ክንስንዶምን እንተኺእልና እዩ። እዞም በደላት ኣብ ልዕሊ ኩሉ ትግራዋይ ዝተኣወጁን ዝተፈፀሙን ብምዃኖም ኩሉ ከባቢ ትግራይን ዳርጋ ኩሎም ትግራዋይ ዝነብረሎም ከባቢታት ኢትዮጵያን ኣብ ቀረባ እዋናት ድማ ዋላ ኣብ ወፃኢ ዝተርኣዩ እዮም።

እዚ ስራሕ ዝሸፍኖም ኩነታትን ቦታታትን ብጣዕሚ ሰፋሕትን ሕልኽላኽ ዝበዝሖ ናይ ሕግን ቴክኒክን ጉዳያት ዘለዎ ብምዃኑ ንባዕልናን ንዓለምን ብዘእምን መልክዑ ክስራሕ ዘለዎ እዩ።

ነዚ ንምፍፃም እውን ናይ ኩሉ ትግራዋይ፣ መንግስታዊን ዘይመንግስታዊን ትካላት ጉቡእ እኳ እንተኾነ ኮሚሽን መፅናዕቲ ጀኖሳይድ ትግራይ ነቲ ስራሕ ኣማእኺሉን ኣዋዲዱን ዝሰርሕ ይኸውን። ኩለን ትካላት መንግስቲ፣ ሲቪል ማሕበራት፣ ናይ ውልቀ ትካላት ንግድን፣ ናይ ሚድያን ማሕበራዊ ግልጋሎት ትካላትን በቢዓውዱ ዝነጥፉ ሰብ ሞያ ኣብዚ ስራሕ ከም ሰብ ዋና ክሳተፉን ክዋስኡን ከምዝግባእ ኣሚናም ዝሳተፉ ዘለዉ ብዙሓት እዮም።

ናይ መፅናዕቲን ስነዳን ስራሕትና ብዝተፈላለዩ ኣካላት ዝፍፀም 'ኳ እንተኾነ፣ ዝተዋደደን ዝተናበበን ክኸውን ይግባእ። ነዚ እውን ዓለምለኻዊ ናይ ቴክኒክ መዐቐኒታት፣ ናይ ሕጊ መስርሓትን ስነ ምግባራት መፅናዕቲን ብኮሚሽን ተማእኺሎም ክዳለዉ፣ ብኹሉን ካብ ኩሉ ኩርናዕ ዝተፀንዑን ዝተረኸቡን መረዳእታታት ናብ ዳታ ማዕኸል ኮሚሽን ክእከቡ፣ ብዓይኒ መርትዖ ሕጊ እናተርኣየ ንህዝቢን ንዓለምን ዕላዊ ክግበር ዝግበኦን ዘይግበኦን መረዳእታ ብማእኸል ክውሰን፣ ዝተኣከበ ኩሉ መረዳእታ ድማ ንመፃኢ ትውልዲ ብዝሓልፈሉን ንዓለም ብዝቐርበሉን መልክዕ ክውደብ ይግባእ።

ነዚ ስራሕ ኣማእኺሉ ንክሰርሕ ብግንቦት 2014 ዓ.ም. ብዕሊ ዝተጣየሸ ኮሚሽንና ዋላ'ኳ ኣብ እዋን ኲናትን ፀልማትን ስራሕ ዝጀመረ እንተኾነ፣ ብፃዕሪ ኣድላይነት ስነዳ ዝበፅሖ በደል ዝተረደአ ህዝቢን ንህዝቡ ውፍይ ብዝኾነ መንእሰይን፣ በዓል ሞያን ምሁርን ዝገበሮ ሰፊሕ ቃልሲን ፃዕሪን ንምእማኖም ዘፀግሙ ማሕላኻታት እናሓለፈ ሰፋሕቲ ሰራሕቲ ይኸምብት ኣሎ፤ ውፅኢት`ውን፣ ዋላ ውስን ይኹን፣ ይርከብ ኣሎ።

ውፅኢትና ዝምዘን ግና ኣብ ላዕሊ ብዝተጠቐሳ ዕላማታት ስለዝኾነ ሐዚ እውን ሰብ ሞያታት ኮሚሽንና፣ ኩሉኣካል ሕብረተሰብ፣ ዘይመንግስታዊ ትካላት፣ መንግስቲ፣ ክሳብ ሐዚ ቃልሱ ዝቐፅል ዘሎ ዲያስፖራ ትግራይ፣ ፈተውቲ ትግራይን ፈተውቲ ፍትሒን ሰላምን ነዚ ስራሕ ንምስኻዕ ኣብ እንገብሮ ምንቅስቓስ ክድግፉናን ጉዳይ ምርግጋፅ ፍትሒ ዋኒኖም ክገብሩን ብሽም ኮሚሽንናን ፍትሒ ዝፅበ ዘሎ ህዝቢ ትግራይን ይላቦ።

ተ/ፐ የማነ ዘርኣይ
ኮሚሽነር ኮሚሽን መፅናዕቲ ጀኖሳይድ ትግራይ

# ብዛዕባ ኮሚሽን መፅናዕቲ ጀኖሳይድ ትግራይ (ኮ.መ.ጀ.ት.)

## መእተዊ

ትግራይ ልክዕ ከም ካልኦት ክልላት ኢትዮጵያ ቅድሚ ፅንተታዊ ኲናት ትግራይ ኣብ ዝነበሩ ኣስታት ሰለስተ ዓሰርተ ዓመታት ርኡይ ማሕበረ-ኢኮኖሚያዊ ዕብየት እንዳመዝገበት ፀኒሓ እያ። ኣብ ካልኣይ ዘመን ትልሚ ዕብየትን ስግግርን (GTP II) መጠን ዓመታዊ ዕብየት ጠቕላላ ክልላዊ ምህርታ (RGDP) 8.1% ኮይኑ ተመዝጊቡ እዩ (MOFED, 2012; BOFED, 2018)። ከም ውፅኢቱ ድማ ፣መጠን ሕሱም ድኽነት (ABSOLUTE POVERTY) እዛ ክልል ኣብ 1996 ኣ.ጎ. ካብ ዝነበሮ 58% ኣብ 2018 ኣ.ጎ. ናብ 29.6% ወሪዱ ነይሩ እዩ። ይኹን ደኣ'ምበር ኣብ ልዕሊ ትግራይ ኣብ መወዳእታ ወርሒ ጥቅምቲ 2013 ዓ.ም. ብዝተወለዐ መጠነ-ሰፊሕ ጀኖሳይዳዊ ኲናት ዕብየታ ክዕገትን ማሕበረ-ኢኮኖሚኣ ንድሕሪት ክምለሰን ክኢሉ እዩ። በዚ ምኽንያት ማእለያ ዘይብሉ ስደት፣ ጥምየትን ሞትን ስዒቡ፤ ኣብ ማሕበረ-ኢኮኖሚ ሰፍ ዘይብል ጉድኣት በፂሑ፤ ልዑል መጠን ዘለዎ ፆታዊ ጥቕዓት ስዒቡ፤ ኣብ ትሕተ-ቅርፂ፣ ሰነ-ከባቢን ሃፍቲ ተፈጥሮን ዝበፅሐ ጉድኣት `ውን ብደረጃ ብርሰት ዝግለፅ እዩ፤ ኣብ ባህላዊ፣ ሃይማኖታውን ታሪኻውን ክብርታትና ዝበፅሐ ዕንወት ድማ መዳርግቲ የብሉን። ኲናት ትግራይ ልዕሊ 2 ሚልዮን ህዝቢ ብምምዝባል ድሕንነቶም ኣብ ዘይተሓለዉ ግዚያዊ ማእኸላት (IDP CENTERS) ክዕስከሩ ዝገበረ፤ እቲ ዝተረፈ ህዝቢ ድማ ብምኽንያት ክባን ዕፅዋን ከምኡ'ውን ክልከላ ሰብኣዊ ሓገዝ ሕሱም መነባብሮ ክደፍእ ዝተገብረን እዩ። ማእለያ ዘይብሉ ህዝቢ ድማ ብምኽንያት ጥምየት፣ ስእነት መድሓኒትን ግልጋሎት ሕክምናን ንሞት ክሳጣሕ ክኢሉ እዩ።

## እንታይነት ኮሚሽን

ተልእኾ እዚ ኮሚሽን ብምኽንያት ጀኖሳይዳዊ ኲናት ትግራይ ኣብ ልዕሊ ትግራይን ህዝባን ዝበፅሑ ኩሎም ዓይነታት ጉድኣት ማለት ሰብኣዊ፣ ፆታዊ ጥቕዓት፣ ኢኮኖሚያዊ፣ ማሕበራዊ፣ ትሕተ ቅርፂ፣ ከባቢያዊን ሃፍቲ ተፈጥሮን ዝበፅሑ ጉድኣት ሳይንሳዊ ብዝኾነ መንገዲ ምፅናዕ፣ ክፅናዕ ምግባር፣ ምምርማርን ምስናድን እዩ። ካብዚ ብተወሳኺ እዚ ኮሚሽን ኣብ ልዕሊ ካብ ትግራይ ወፃኢ ዝነብሩ ተጋሩ ዝበፅሐ ጉድኣትን ክሳራን ናይ ምጥማት ሓላፍነት እውን ኣለዎ።

ኮ.መ.ጀ.ት. እቶም ተልእኾታቱ ንምፍፃም ዘኽእሎ ኣብ ሰብኣዊ፣ ፆታዊ ጥቕዓት፣ ኢኮኖሚ፣ ትሕተ ቕርፂ፣ ከባቢን ሃፍቲ ተፈጥሮን ከምኡ 'ውን መንግስታዊ፣ ማሕበራዊ ግልጋሎትን ክብርታትን ዝበፅሐ ጉድኣት ዘፅንዑ ሽዱሽተ ማእኸላት መፅናዕቲ ኣጣይሹ ምስ ዝተፈላለዩ መዳርግቲ ኣካላት ብምትሕብባር እናሰርሐ ይርከብ።

## ዕላማ

ዋና ዕላማ እዚ ኮሚሽን ግዳያት ጀኖሳይዳዊ ኲናት ፍትሕን ርትዕን ንክረኽቡ፣ ንሕውየትን ዳግመ-ህንፀትን (recovery and reconstruction) ድሕረ-ኲናት ኢኮኖሚ ትግራይ ዝምልከቱ ስትራተጂታት ንምሕንፃፅ፣ ንታሪኽን ህንፀት ወሎዶን ዝኸውንን ንቑፃሊ ንዝስርሑ ምርምራት ከም መልዓሊ ዘገልግሉ መረዳእታታት ብሳይንሳዊ መንገዲ ምእካብ፣ ምስናድ፣ ምቕራብን ምሕታምን እዩ።

## ተልእኾ

- ብምኽንያት ኲናት ኣብ ልዕሊ ትግራይን ህዝባን ዝበፅሐ ሞት፣ ዕንወትን ኪሳራን መጠን፣ ስፍሓት፣ ባህሪን ዕሙቀትን ዘርኢ ብኹለመዳያዊ ተኣማኒ ዝኾነ መፅናዕትን ምርመራን ምክያድን ምስናድን ከምኡ 'ዉን ንኽካየድ ምክትታልን፤
- እቲ ዝዳሎ ሰነድ ንሕቶ ፍትሕን ዳይነትን ከምኡ 'ውን ንዳግመ ህንፀት ትግራይ ቀንዲ መረዳእታ ኾይኑ ከገልግልን ንታሪኽን ህንፀት ወለዶን ንክውዕል ቅሩብ ምግባር፤

## መትከላት

- **ዘይሻራዊነት፦** ኩሎም ስራሕትና ብሕጊ ብዝተውሃበና ስልጣንን ሓላፍነትን መሰረት ካብ ግዳማዊ ፅዕንቶ ይኹን ኢድ ኣእታውነት ነፃ ብምኳን ምስራሕ፤
- **ማዕርነት፦** መትከላት ርትዒ፣ ፍትሓውነትን ሞያዊ ስነ-ምግባርን ብምኽታል ምስራሕ፤
- **ቅንዕና፦** ልዑል ብርኪ ስነ-ምግባር፣ ተሓታትነትን ግልፅነትን ብዘላቕነት ክህሉ ምስራሕ፤
- **ክብሪ፦** ክብሪ፣ መሰልን ብዝሓነትን ግዳያት፣ መሰኻኽርን ከባቢያዊ ማሕበረሰብን ምሕላዉ፤
- **ተቖርቛራይነት፦** ምስ ኣብ ጎኒ ሰላምን ፍትሕን ጠጠው ዝብል ኣብ ውሽጢ ትግራይን ካብ ትግራይ ወፃእን ዘሎ ግዳይ ኲናት ትግራይ ምቛም።

## ቀንዲ ዝተፈፀሙ ስራሕቲ

ካብ ምጥያሽ እዚ ኮሚሽን ጀሚሩ ካብ ዝተተግበሩ ቀንዲ ስራሕቲ፦

- ምርቃቕ መጣየሺ ኣዋጅ፣ ትካላዊ መሓውር ምቕራፅን ዘድልዩ ወለንታውያን ሰራሕተኛታት ምምላእን፣ ንማእኸላት መፅናዕቲ መልዓሊ ዝኸውን ሓሳባት (terms of reference)፣ ውጥን ሓሳብ መፅናዕቲን (proposal) መተግበሪ መርሃ ግብሪን (action plan) ተዳልዩ፤
- ንዝተፈላለዩ መዳርግቲ ኣካላት ግንዛበ ብምፍጣር ምልዕዓላት ተገይሩ፤
- ንነፍሲ ወከፍ ክፅናዕ ዘለዎ ቴማዊ ዓውዲ (Thematic area) ዝተፈላለዩ መረዳእታ መአከቢ ቕጥዕታትን ናይ ስልጠና ማንዋላትን ተዳልዩ።
- ኣብ ኩለን ሓራ ዝወፃ ወረዳታት ትግራይን (ወረዳታት ዞባ ምዕራብ ከይሓወሰ) ኣብ ትግራይ ዝረከባ ብዝሕ ዝበላ ግዚያዊ ማእኸላት ዝርከቡ ተመዛበልትን ብሙሉእ ቆፀራን ምርመራን ተጠቒምካ ቀዳማይ ዙር መረዳእታ ምእካብ። ኣብዚ ቐዳማይ ዙር ኣስታት 40,000 ወለንታውያን ሰባት ከም ኣሰልጠንቲ፣ ኣተሓባበርትን መረዳእታ ኣከብትን ተሳቲፎም እዮም። ብተወሳኺ ጠለብ መሰረት ዝገበሩ ምርመራታትን ካልኣይ ብርኪ ፍልፍላት መረዳእታታት (secondary data)፣ ኣብ ኢድ ሚድያታት ትግራይ ዝነበረ ናይ ምስልን ድምፅን መረዳእታታት፣ መረዳእታ ሚድያን ፀብፃባት ዓለምለኻዊ ትካላትን ሓዊሱ ናብ ኮሚሽንና ከእትው ተገይሩ እዩ።
- ዝተኣከበ ዓይነታውን ኣሃዛውን መረዳእታ (qualitative and quantitative Data) ብምጥቃም ጭብጥታት/ጉዳያት (cases) ምድላውን ምስ ዝምልከቶም ኣካላት ብምትሕብባር ንዝመልከቶም ኣካላት ተላኢኹ እዩ።
- ኣብ ናይ ትግራይ ጀኖሳይዳዊ ኲናት መሰረት ዝገበረ ክፈልጡ ድሌት ምስ ዝነበሮም ዓበይቲ ዓለምለኸ ትካላት ርክባት ብምፍጣር ዝርርባት ተኻይዶምን ናይ ተሓላቓይነት ስራሕቲ (Advocacy work) ተሰሪሖም።
- ናይ መጀመርታ ረቒቕ ናይ ምርምር ዉፅኢት ኣብ ቐረባ እዋን ዕላዊ ንምግባር ምድላዋቱ ኣብ ምዝዛም ይርከብ።

## ስልጠናታት ዝምልከት

ቅድሚ ናብ ተግባራዊ መረዳእታ ናይ ምእካብ ስራሕቲ ምእታው ስልጠና ምሃብ ኣገዳሲ ስለዝነበረ በዚ መሰረት ብሰለስተ ብርኪ ስልጠና ተዳሊዉ። ካብ ኹለን ዞባታት ንዝመፁ ናይ ኣሰልጠንቲ ስልጠና (TOT) ኣብ ከተማ መቐለ ተሳሊጡ፤ ብተመሳሳሊ መንገዲ ዞባታት ኣብ ወረዳታት ንዝርከቡ ሰብ ሙያን ኣተሓባበርትን ናይ ኣሰልጠንቲ ስልጠና (TOT) ዝሃቡ እንትኾኑ ወረዳታት ድማ ካብ ጣብያታት ንዝመፁ መረዳእታ ኣከብቲ ስልጠና ክህቡ ተገይሩ እዩ። ዝበፅሐ ዕንወት ዳህሳስ ንምግባር በቢ ማእኸል መፅናዕቱን በቢ ዘርፍታትን ንስልጠና ዝኾን ማንዋል ተዳሊዉ። እቲ ስልጠና ኣብ መረዳእታ መአከቢ ቅጥዕታት መጠይቕ (question-naires)፣ ODK (Open Data Kit) ኣፕሊኬሽን፣ ኦዲዮ ቪዥዋል፣ GPSን GISን ወዘተ. ዘድሃበ 'ዩ ነይሩ። ኣብዚ ስልጠና ብሓፈሻ ኣስታት 40,000 መረዳእታ ኣከብቲ ብምስታፍ ደረጃኡ ብዝሓለወ መንገዲ መረዳእታ ክእከብ ተገይሩ እዩ።

## ▪ከይዲ መፅናዕቲ ጉድኣት ትካላት መንግስቲ

ብሰንኪ ናይ ዉሽጥን ደገን ልፍንታውያን ሓይልታት ኣብ ልዕሊ ትግራይ ዝኣወጅዎ መጠነ-ሰፊሕ ኲናት ኣብ ትግራይ ዝነበራ መንግስታዊ ትካላት ዓብይ ጉድኣት በፂሒወን እዩ። እቶም መንግስታዊ ትካላት ብዘለዎም ሓይሊ ሰብን ፍልጠትን እቲ ዝበፅሖም ዕንወትን ክሳራን (damage and loss) ንክፅናዕ ብኮሚሽንና ድጋፍ ተዋሂብዎም። እቶም ዝተፀንዑ ፀብፃባት ድማ ናብ ሓደ ንምጥማር ናብ ኮሚሽንና ሪፖርት ንኽገብሩ መምርሒ ዝወረደሎም እንትኾን፣ ብርክት ዝበሉ መንግስታዊ፣ ህዝባዊ፣ ሃይማኖታውን ፋይናንሳውን ትካላት ፀብፃቦም ኣቕሪቦም እዮም። እቶም ዝቐረቡ ፀብፃባት ኮሚሽን ብዘውፅኦ ደረጃኡ ዝሓለወ ሳይንሳዊ መረዳእታ መአከቢ ቕጥዒ መሰረት ክኸውን ኣብ ኮሚሽን ውሽጢ ብዝርከቡ ሰብ ሙያ ተራእዩን ተመሓይሹን ንክቐርብ ብምግባር፣ ኣብዚ ሐዚ እዋን ኽይዲ ትንተና (analysis) ተወዲኡ ቐዳማይ ሪፖርት ንምውፃእ ምድላዋት እናተዛዘመ ይርከብ።

## ▪ከይዲ መፅናዕቲ ጉድኣት ኣብ ዉልቃውን ህዝባውን ኣገልግሎታት ንዝነጥፉ ትካላት

ብምኽንያት'ቲ ኣብ ትግራይ ዝተኣወጀ ዕንተታዊ ኲናት፣ ናይ ዉልቀን ህዝባዊ ኣገልግሎት ዝህባን ትካላት ዓብይ ጉድኣት በፂሒወን እዩ። ኣናእሽቲ፣ ማእኸለዎትን ዓበይትን ናይ ዉልቀ ህዝባዊን ትካላት እቲ ወራር ብዘብፅሖለን ናይ ሰብን ንብረትን ዕንወትን ክሳራን እቲ ኮሚሽን ብዘውፅኦ መለክዒ (standard) መሰረት ንክፅናዕ ተገይሩ እዩ። ኣብ ቀዳማይ ዙር ወፍሪ ምእካብ መረዳእታ ኣብ ንግዲ፣ ማኑፋክቸሪንግ፣ ኣገልግሎት፣ ሕርሻ፣ ጥዕና፣ ትምህርቲ፣ ህዝባዊ ኣገልግሎት፣ ሃይማኖታዊን ታሪኻዊ ክብርታትን ዝተዋፈሩ ልዕሊ 34,000 ናይ ውልቀን ህዝባዊ ትካላትን ዕንወት ተመዝጊቦም እዮም። ኣብዚ ናይ ዉልቀ ትካላት ዝበፀሐ ጉድኣት ዝተገበረ መፅናዕቲ ቤት ምኽሪ ንግድን ዘፈር ማሕበራት ትግራይን ምስ ኮሚሽን ብምትሕብባር ዕዙዝ ግደ ከምዝነበሮ ምግላፅ ኣገዳሲ እዩ።

## ▪ከይዲ መፅናዕቲ ሓፈሻዊ ዳህሳሰ ጉድኣት

እቲ ብሓፈሻዊ ዳህሳስ ጉድኣት (General Damage Assessment) ናብ ገዛ ነፍሲ ወከፍ ነባሪ ብምኻድን ODK (Open Data Kit) ብዝብሃል መተግበሪ (Application) ብምጥቃምን ዝተአከበ እንትኸዉን፣ እቲ ዝተአከበ መረዳእታ ነናብ ዝምልከቶም ማእኸላት መፅናዕቲ ከበፅሕን ክፍለን ብምግባር፣ እቲ ዝተፃረየ ውሱን መረዳእታ ናይ ትንተና (analysis) ስራሕቲ ተሰሪሑ መባእታዊ ሪፖርት (1st draft report) ኣብ ምውጋን ይርከብ።

## ▪ከይዲ መፅናዕቲ ብምርመራ

እቲ ብምርመራ (Investigation) ዝተኻየደ መፅናዕቲ፣ ብቃለ-መሕትት (interview)፣ ዓሚቕ ቃለ-መሕትትን (In-depth interview) ጉጅላዊ ምይይጥን (Focus Group Discussion) ስለዝነበረ እቲ ዝተኣከበ መረዳእታ ቅድሚ ምትንታኑ እቲ ብወረቐት ተኣኪቡ ዝመፀ ናብ ሶፍት ኮፒ ምቕያር፣ ከምኡ ድማ ብድምፅን ምስልን ዝተቐረፀ መረዳእታታት ናብ ፅሑፍ ብምግልባጥ (transcription) ብርክት ዝበሉ ኣገደስቲ ጉዳያት (cases) ተዳልዮም ንዝምልከቶም ኣካላት ተላኢኾም።

## ▪ቐፀልቲ ዕማማት

- ኣብ ቀዳማይ ዙር ምእካብ መረዳእታ ካብ ዘይተሸፈኑ ወይ ዘይተዛዘሙ ኣብ ትሕቲ ቑፅፅር ካልኦት ሓይልታት ዝርከቡ ቦታታት፣ ከምኡ'ውን ጉድኣት፣ ዕንወትን ክሳራን ካብ ትግራይ ወፃኢ ናይ ዝነብሩ ተጋሩን ካልኦት ዘይተሸፈኑ ጉዳያትን ዳህሳስ ምክያድ፤
- ዘጋጠመ ዕንወትን ክሳራን ዘመላኽቱ ናይ ፎረንሲክን ላቦራቶሪን (Forensic and Laboratory) መርትዖታት ምርመራ ምእካብ፤
- እቲ ብኻልኣይ ዙር ዝእከብ መረዳእታ ንትንተና ብዝጥዕም መልክዑ ምውፃእ (extraction)፣ ምፅፋፍ (cleaning)፣ በቢዛዕብኡ ምውዳድን (organization) ምትንታንን (analysis)፤
- መባእታዊን ናይ መወዳእታን ፀብፃባት ርካባት መፅናዕቲ ምድላውን ርኢቶታት መዳርግቲ ኣካላት ብገምገምቲ ዋዕላታት፣ ዓውደ መፅናዕትታት (Workshop) ምእካብን፤

- ርካባት መፅናዕትን ምኽረ-ሓሳባትን (findings and recommendations) መፅናዕትታት ንህዝብን መዳርግቲ ኣካላትን ዝተፈላለዩ ናይ መራኽቢ ሜላታት ብምጥቃም ምዝርጋሕ፤

ብሓፈሻ ኣብ ትግራይ ዝበፅሐን ይበፅሕ ዘሎን ኹለመዳያዊ ጉድኣት እንታይ እዩ? ዝብል ሕቶ ንምምላስ እቲ ዛጊድ ብሳይንሳዊ መንገዲ ዝተኣከበ መረዳእታ ምፅራይን ምትንታንን ኣድላዪ እንትኾውን፣ ነዚ'ውን ብዕቱብ ኣብ ምስራሕ ንርከብ። ብፍላይ ድማ እቶም ኣብ ትሕቲ ቁፅፅር ወረርቲ ሓይልታት ዘለው ኸባብታት ከምኡ ድማ ካብ ትግራይ ወፃኢ ኣብ ዘለው ተጋሩ ዝበፅሐ ጉድኣት ከይሓወሰኻ መጠን ጉድኣት፣ ዕንወትን ክሳራን ዝገልፅ ሙሉእ ሪፖርት ምውፃእን ኣይከኣልን። ይኹን'ምበር ዛጊድ ብዝተረኸቡን ብዝፀረዩን መረዳእታታት፣ ርካባት መፅናዕትን ምኽረ-ሓሳባትን ብምውህሃድ ኮሚሽንና መባእታውን ጥሙርን ፀብፃብ መፅናዕቲ (aggregated preliminary report) ኣብ ቐረባ እዋን ንምቕራብ ኣብ ምዝዛም ይርከብ።

ኣብ መወዳእታ፣ ኮሚሽንና ዝተውሃቦ ስልጣንን ሓላፍነትን ብሞያዊ ብቕዓት፣ ብትግሃትን ብቕንዕናን ንምፍፃም ኣብ ምስራሕ ይርከብ። እቲ ኮሚሽን ንኹሎም ዕላምኡን ተልእኾኡን ዝካፈሉ መዳርግቲ ኣካላት ዝገብርዎ ደገፍን ምትሕብባርን የድንቕ። ዝወሃበና መረዳእታ ንከም ፍትሕን ርትዕን፣ ከምኡ'ውን ንሕውየትን ዳግመ-ህንፀትን ትግራይ ዝሕግዙ እዮም። ስለዚ ኣብ ትግራይ ምስ ዝተወለዐ ፅንተታዊ ኲናት ተተሓሒዙ ዝበፅሐ ዝኾነ ዓይነት ጉድኣት ዝምልከት ዝኾነ ሰብ ወይ ትካል ሓበሬታ ይኹን መረዳእታን መርትዖን እንተሃልዩዎ፣ ናብ ኮሚሽንና ብምቕራብ ክህበና ንዕድም። ብተወሳኺ ኮሚሽንና ስርሑ ንምምሕያሽ ዝሕግዝ ካብ ህዝቢ ዝመፅእ ርእይቶ ወይ ሓሳብ ብታሕጓስ ይቕበል።

**ጀኖሳይድ ትግራይ ዘበት ከይድገም! ዘበት ከይርሳዕ!! // Never Again and Never Forget the Tigray Genocide!!**

ዳይሬክቶሬት ርክብ ህዝብን ዓለምለኸ ጉዳያትን ኮሚሽን መፅናዕቲ ጀኖሳይድ ትግራይ

ኣድራሻ፡- ሸባ ኮሌጅ ንላዕሊ ሕልፍ ኢልካ ጎኒ ያይኔ ማእኸል መሰልጠኒ ስነ ፅባቐ፣ Save the Children ዝነበረ ህንፃ

# ጨፍጫፍ ዕንነ

ዕንነ ኣብ ዞባ ማእኸል ትግራይ፣ ወረዳ እገላ፣ ጣብያ ዕርዲ ጀጋኑ፣ ቁሸት እምባ ደቒና እትርከብ ንኡሽተይ መንደር እያ። ካብ ከተማ ሰሮ ንኣንፈት ሰሜናዊ ምዕራብ ከባቢ 35 ኪሎ ሜትር ርሒቓ ትርከብ። ከም ሓበሬታ ነበርቲ እታ ቁሸት፣ ቅድሚ እቲ ዝተፈፀመ ጨፍጫፍ ኣስታት 350 ነበርቲ ኣብቲ ከባቢ ይነብሩ ነይሮም። ድሕሪኡ ታሪኽ ዕንነ ተቐይሩ እዩ። ዕንነ ካብቲ ፀንተታዊ ተግባር ፀላእቲ ከተምልጥ ኣይከኣለትን። ኣብ ሓደ መዓልቲ ደም 65 ንፁሃት ተጋሩ ፈሲሰዋ። ጨፍጫፍ ዕንነ ከመይ ተፈፂሙ? ካብ መሰኻኽር ዓይኒ ዝተረኸበ መረዳእታ ከነቕርበልኩም።



*ኣብ ዕንነ ካብ ዝርከቡ ጅምላ መቓብራት*

## እቲ ጨፍጫፍ

ከም ሓበሬታ መሰኻኽር ዓይኒ፣ ካብ 10 ጥቅምቲ 2015 ዓ.ም. ኣትሒዙ፣ ብህይወት ዝተረፉን ስድራ ግዳያትን ዕንነ ኣብ ትሕቲ ቁፅፅር ሓይልታት ኤርትራ ወደቑ። ፈለማ ነበርቲ እታ ከባቢ፣ ክበፅሑም ካብ ዝኽእል መጥቃዕቲ ወረርቲ ሓይልታትን ልውውጥ ቶኽስን ንምድሓን፣ ካብ ዕንነ ርሒቖም ብምኻድ ተሓብኡ። ነቶም 65 ግዳያት ጨፍጫፍ ሓዊሱ፣ መብዛሕቲኦም ነበርቲ፣ ንምብራቓዊ ኣንፈት እቲ ከባቢ ኣብ ቀረባ ኣብ ዝርከቡ በዓቲታት ተሓቢኦም ነይሮም።

ኣባላት ሰራዊት ኤርትራ ነቶም ሰባት፣ ካብ'ተን ተሓቢኦሙለን ዝነበሩ በዓትታት እናውፅኡ ናብ ክልተ ገዛውቲ ሓረስቶት ዕንነ ከምዝወሰዱዎም መሰኻኽር ዓይኒ ይዛረቡ። ደቂ-ኣንስትዮ፣ ኣረጋውያንን ቆልዑን ዝበዝሑዎም ግዳያት ንኽልተ መዓልቲ ብዘይ ምግብን ማይን ዓፀዉዎም። ኣብ ሳልሳይ መዓልቱ ድማ እቶም ሰራዊት ኤርትራ ነቶም ግዳያት ካብ'ተን ገዛውቲ ከወፁ'ሞ ናብ ሓደ ናይ ሕርሻ ቦታ ክእከቡ ነገሩዎም። ብምቕፃል እቶም ሰራዊትን ኣዘዝቶምን ናብቲ ቦታ ብምምፃእ ተወሳኺ ጠያይቲ ኣብ ቅድሚ ዓይኖም እናተቐባበሉ ድሕሪ ምፅናሕ "ስራሕኹም ጀምሩ!" በሉዎም።

ነቲ ትእዛዝ ስዒቡ ድማ፣ ኣባላት እቶም ሰራዊት ነቶም ግዳያት ብመስርዕ ክሰለፉን ኢድ ንኢድ ክተሓሓዙን ነገሩዎም። ብድሕሪኡ ብፍፁም ጭካነ ካብ ኩሉ ኣንፈት ቶኽሲ ኣዝነቡሎም። እቲ ቦታ ብደም ነበርቱ ጨቀየ። ኣብ`ቲ መርሸንቲ ስድራ ከም ስድራ ዝጠፍኡሉ ኣጋጣሚ ነበረ። ኣስከሬን ግዳያት ቀለብ ኣሞራ፣ ኣዛብእን ካልኦት ኣራዊትን ኮይኑ ቀነየ፡፡ እቶም ናይ ዓይኒ መሰኻኽር ሰራዊት ኤርትራ ኣስከሬን ግዳያት ክቕበር ብዘይ ምፍቃዶም ብስሩዕ ከምዘይተቐብረ ይዛረቡ።

ከም ትዕዝብቲ ሓንቲ 56 ዝዕድሚኣን ኣዶ፣ 10 ጥቅምቲ 2015 ዓ ም፣ ኣባላት ሰራዊት

> ደቂ-ኣነስትዮ፣ ኣረጋውያንን ቆልዑን ዝበዝሑዎም ግዳያት ንኽልተ መዓልቲ ብዘይ ምግብን ማይን ዓፀዉዎም። ኣብ ሳልሳይ መዓልቱ ግና እቶም ሰራዊት ኤርትራ ነቶም ግዳያት ካብ'ተን ገዛውቲ ክወፁ'ሞ ናብ ሓደ ናይ ሕርሻ ቦታ ክእከቡ ነገሩዎም። ኣብ'ቲ ሕሩስ እናሃለዉ፣ እቶም ሰራዊትን ኣዘዝቶምን ናብቲ ቦታ ብምምፃእ ጠያይቲ ኣብ ቅድሚ ዓይኖም እናተቐባበሉ ድሕሪ ምፅናሕ ''ስራሕኹም ጀምሩ!'' በሉዎም።

ኤርትራ ንዕኣን ካብ ገዛ ከይወፃ ብምንጋር፣ ነቶም ካልኦት ግዳያት ግን ናብ ክልተ ገዛውቲ ከም ዝዳጐንዎም ይገልፃ። ቅድሚ'ቲ መርሸንቲ፣ እቲ ኣዛዚን ተራ ወታሃደራትን ኣብ መረባኣን እዮም ዝነብሩ ነይሮም። ናብ'ታ ዕለት ዘውግሕ ሰዓት ትሽዓተ ግን፣ ኣባላት ሰራዊት ኤርትራ ማዕፆ ደገ-ሰላም ገዝኦን ከፊቶም፣ እንትወፁ ምስመዐን ይዝክራ። ጤል ናብ ገዝኣን ኣምፂኦም ከምዝሓረዱዎ'ውን ይዛረባ። ኣብ ሳልሳይ መዓልቱ ድማ፣ እቲ ኣብ መረባኣን ዝነብር ዝነበረ ኣዛዚ፣ ማዕፆ'ቲ ንሰን ምስ ስድራኣን ኮይነን ዝነብራሉ ገዛ ከፈቶ። ብድሕሪኡ፣ ንምንታይ ካብ ገዝኣን ከምዝወፃ ሓተተን። ንሰን ድማ 'ኣይወፃኹን' እንትብላ መለሳሉ። እቲ ኣዛዚ ድማ ብቁጥዐ እናፈራርሐ "ብህይወት እንተፀኒሕኺ ክትርኢ ኢኺ" ኢሉወን ከደ። ድሕሪ ሒደት ደቓይቕ፣ ወታሃደራት ናብ ገዛኣን ብምምፃእ ራብዓይ ርእሰን ናብ'ቲ ካልኦት ዝተዳጎኑሉ ገዛ ወሰዱወን።

12 ጥቅምቲ 2015ዓ.ም.፣ ከባቢ ሰዓት ክልተ ናይ ንጉሆ ድማ ነቶም ኣብ ክልተ ገዛውቲ ተዳጒኖም ዝነበሩ ግዳያት ኣውፂኦም ናብቲ መርሸንቲ ዝተፈፀመሉ ናይ ሕርሻ ቦታ ወሲዶም ንመርሸንቲ ሰሪዖምዎም ኣብ ልዕሊኦም ብኣልማሚት ተኹሲ ምስ ጀመሩ ዕድለን ክፍትና ኢለን ኣብ ጎኒ እቲ ዝተረሸንሉ ቦታ ናብ ዝነበረ በዓቲ ዘሊለን ከም ዝኣተዋን ኣብቲ ዝተሓብኣሉ ቦታ ኮይነን ነቲ ጨፍጫፍ ብእዝነን ይከታተልኦ ከምዝነበራን ይዛረባ።። እቲ መርሸንቲ ኣብ ዝተፈፀመሉ ዕለት ዝኾነ ዓይነት ኲናት ኣብ'ቲ ከባቢ ከምዘይነበረ'ዉን ይገልፃ።

ካልእ ምስ`ቶም 65 ግዳያት ተታሒዛ ዝነበረት፣ ጓል 12 ዓመት ምስክር ድማ፣ ነቲ ትኽክለኛ ዕለቱ ከምዘይትዝክሮ፣ እንተኾነ፣ ኣብ ወርሒ ጥቅምቲ 2015ዓ.ም ከምዝኾነ ትዛረብ። ሽው ምስ ኣዴኣ፣ ሓፍታ፣ ሓዋ፣ ሓፍትነኣን ወዲ ሓፍትነኣን ኮይኖም ኣብ በዓቲ ተሓቢኦም ከምዝነበሩ ትገልፅ። ድሕሪኡ፣ ወተሃደራት ኤርትራ ካብ`ቲ በዓቲ ኣውፂኦም ናብ ሓደ ገዛ ወሲዶምዎም። ብድሕሪኡ፣ ኣሰሊፎም እንትቐትሉዎም፣ እታ ምስክር`ውን ኣብ ፀጋማይ እግራ፣ ፀጋማይ ምንጋግኣ፣ ናይ ቅድሚት ኣስናናን ኣብ ሑቑኣን ብጥይት ተወቒዓ እያ። ብድሕሪኡ ዝተፈጠረ ነገር ከምዘይትዝክር ትዛረብ። ኣብ ሞንጎ ሬሳታት ወዲቓ እናሃለወት ብህይወት ተረፈት። ንፅባሒትኡ፣ መንነቱ ብትኽክል ዘይትፈልጦ ሰብ ካብ ሞንጎ ሬሳታት ኣልዒሉ ወሰዳ። ኣብ`ቲ እዋን፣ ኣገልግሎት ሕክምና ክትረክብ ኣይከኣለትን። ኣብቲ እዋን ጨፍጫፍ ካልኦት ግዳያት ብህይወት ድሕሪ ምፅነሐን እቶም ወታሃደራት ማይ ምስሃቡወን ከምዝሞታ`ውን ትዝክር።

ኣብ`ቲ እዋን መርሸንቲ፣ እቶም ወታሃደራት ንግዳያት `ረሳሓት` እናበሉ ይፀረፉ ምንባሮም`ውን ትዛረብ። ግዳያት እቶም ወታሃደራት ከይቐትሉዎም እንትምሕፀኑን `ዘይንገድፈኩም`ባ` ዝብል መልሲ ይወሃቦም ምንባሩን`ውን ትምስክር። እቶም ወታሃደራት እንጀራ ይወስዱን ኮነ ኢሎም ካብ ገዛውቲ ማይ እናውፅኡ ይደፍኡን`ውን ነይሮም ትብል።

ካልእ 52 ዝዕድመኦም ምስክር ዓይኒ ድማ በዓልቲ ገዝኦም፣ ክልተ ደቆምን ጓል ጓሎምን ከምዝሰኣኑ ይገልፁ፡፡ ግዳያት ዕንነ ካብ ደቂ 2 ዓመት ህፃናት ክሳዕ 80 ዓመቶም ኣረጋውያን ከምዝኾኑ ድማ ምስክርነቶም ይህቡ፡፡ እዞም ወላዲ ሕድሕድ ግዳያት ጨፍጫፍ ዕንነ ከምዝዝክርዎም ውን ይዛረቡ፡፡ ካልኦት ስድራኦም በቲ መርሸንቲ ስኢኖም ንባዕልቶም ግን ብተኣምር ዝተረፉ መሰኻኽር ዓይኒ`ውን፣ ነቲ ዝነበረ ኩነታት ብተመሳሳሊ ይገልፁዎ።

ካብ ግዳያት ዕንነ 62 ነበርቲ እቲ ከባቢ እንትኾኑ፣ ዝተረፉ ሰለስተ ድማ ኣብኡ ከዕቑቡ ዝመፁ ተጋሩ እዮም። እዞም 62 ግዳያት፣ ካብ ጠቕላላ በዝሒ'ቲ ከባቢ 17.7 ሚኢታዊ እዮም። ኣባላት ምርመራ ኮሚሽን፣ ነቲ ኣብ ሕርሻ ቦታ ሓረስቶት`ቲ ከባቢ ዝርከብ ምስሊ ጅምላ መቓብራት ሰኒዶምዎ እዮም። ኣብ ጥቓ እቲ ጅምላ መቓብር ዝርከብ ንኡሽተይ በዓቲ ዝርከብ ኣሰር ደም ዝወሓዞም ኣኻውሕ'ዉን ተዓዚቦም።

■ ■ ■





## ዋዕላ ምኽክር ኣብ መባእታዊ ሪፖርት

25 ታሕሳስ 2016ዓ.ም.፣ ኮ.መ.ጀ.ት. ቅድሚ መባእታዊ ሪፖርት ዕላዊ ምግባሩ ምኽሪ ሓሳባት ንምርካብ ብምዕላም ኣብ ኢኮኖሚ፣ ከባብን ሃፍቲ ተፈጥሮን፣ ማሕበራዊ ግልጋሎትን ክብርታትን ከምኡ 'ውን ትሕተ ቕርፅን ዝበፅሐ ዕንወትን ኪሳራን (damage and loss) ዝተኻየዱ ዳህሳሳት ውፅኢት (findings) ንኣባላት ካቢኔ ስክርተሪያት፣ ቢሮታትን ኣብያተ ዕዮታትን ትግራይ ኣብ ሆቴል ኣክሱም ሪፖርት ቐሪቡ። ኣብ ሕድሕድ ዘርፍታት ንዝቐረቡ ፅሑፋት (presentations) ካብ ተሳተፍቲ ሪእቶታትን ሕቶታትን ቐሪቦም መልስን መብርህን ተዋሂቡዎም።

ኣብ መወዳእታ እቲ ሪፖርት ፀፊፉ ንክወፅእ ዝሕግዙ እታወታት ዝተረኸበሉን ዝምልከቶም ናይ መንግስቲ ኣካላት ዝተረኸብሉን ዕውት ዋዕላ ኾይኑ ተዛዚሙ።



## ውሽጣዊ ዎርክሾፕ

11 ~ 13 ሕዳር 2016ዓ.ም.፣ ኮ.መ.ጀ.ት. ንመባእታዊ ሪፖርት መማልኢ ዝኸውን ተወሳኺ መረዳእታ ንምእካብ ኣብ ዝግበር ወፍሪ ብሕድሕድ ማእኸል መፅናዕቲ ዝተዳወ መተግበሪ ትልሚ (action plan) ንምግምጋም፣ ብኮሚሽን ንክወፅእ ተሓሲቡ ዘሎ መባእታውን ጥሙርን ሪፖርት ዝውዕል ብሕድሕድ ማእኸል ዛጊድ ተተንቲኖምን ተወዲቦምን ዝተዳለው ሪፖርታት ዘለው ምዕባለታትን ንምርኣይን ብምዕላም ኣብ ከተማ ውቕሮ ዝተሳለጠ ናይ ሰለስተ መዓልቲታት ውሽጣዊ ዎርክሾፕ (In-house Workshop)።

ኣብ ሕድሕድ ዝቐረቡ ፅሑፋት (presentations) ካብ ተሳተፍቲ ሕቶን ርእይቶን ቀሪቦም ምይይጥ ተኻይድሉም። ኣብ መወዳእታ፣ በቶም ዛጊድ ዝተኣከቡን ብወፍሪ ዝእከቡን መረዳእታታት ሓዊስኻ ኣብ ቐረባ እዋን ብኮሚሽን መባእታዊ ሪፖርት ንክወፅእ ሕድሕድ ማእኸል መፅናዕቲታት ብህፁፅ ሪፖርቶም ኣፅፊፎም ናብ ኮሚሽን ከቕርቡን ብህፁፅ ክስርሑ ዘለዎም ስራሕቲታት ከውገኑ 'ውን ሓፈሻዊ ምርድዳእ ተገይሩ።





## ዋዕላ ገምጋም ምይይጥን

10 ጥቅምቲ 2016ዓ.ም. ኮ.መ.ጀ.ት.፣ ኣብ ሓፈሻዊ ሪፖርት ዓለምለኸ ጉጅለ ሰብሞያ መርመርቲ ሰብኣዊ መሰላት ኣብ ኢትዮጵያን (ICHREE) ቐፀልቲ ዘለው ዕማማትን ኣተኲሩ ዋዕላ ገምጋምን ምይይጥን ተሳሊጡ። ኣብዚ ዋዕላ ንኣባላት ካቢኔ ስክርተሪያት ግዚያዊ ምምሕዳር ትግራይ ሓዊሱ ካብ ኹለን ቢሮታትን ኣብያተ ዕዮታት ትግራይ፣ ተናሓነሕቲ ውድባት ትግራይን ሚዲያታትን ተረኺቦም ነይሮም። ኣብዚ ዋዕላ ሰለስተ ፅሑፋት ቐሪቦም ኣብ መወዳእታ ምስ ተሳተፍቲ ምይይጥ ብምስላጥ ብዕውት ኹነታት ተዛዚሙ።

## ዋዕላ ምኽክር





30 ግንቦት 2015ዓ.ም.፣ ኮሚሽን መፅናዕቲ ጀኖሳይድ ትግራይ ምስ ግዚያዊ መንግስቲ ትግራይ ክልላዊ ናይ ምኽክር ዋዕላዘሳለጠ እንትኸውን ኣብቲ ዋዕላ ንፕሬዝደንት ጌታቸው ረዳ ሓዊሱ ካብ ኣባላት ካቢኔ ሰክረታርያት፣ ሓለፍቲ ቢሮታትን ኣብያተ ዕዮታት መንግስቲን ኣማሓደርቲ ኹለን ዞባታትን ተረኺቦም እዮም። ኮሚሽነር የማነ ዘርኣይ ዛጊድ ዝተወገኑ ስራሕቲታትን ቐፀልቲ ዕማማትን ኣድሂቡ ፅሑፍ ዘቕረበ እንትኾን ኣብ ኮ.መ.ጀ.ት ላዕለዋይ ተማራማሪ ማሕበረ-ኢኮኖሚ ዝኾኑ ዶ/ር ሙዑዝ ሓዱሽ ድማ ኣብ ጎድኣት ማሕበረ-ኢኮኖሚ ኣብ ዝተዳለው መረዳእታ መኣከቢ ቕጥዒታትን ኣተኲሮም ፅሑፍ ኣቕሪቦም። ኣብ መወዳእታ ምይይጥን ምኽክርን ብምግባር እቲ ዋዕላ ተዛዚሙ።

## ስልጠና ኣብ ምእካብ መረዳእታ

5~8 ጥሪ 2015ዓ.ም.፣ ኮሚሽን መፅናዕቲ ጀኖሳይድ ትግራይ ኣብ ዞባ ምብራቕ ንዝሳለጥ መፅናዕቲ ጉድኣት ውልቀ ትካላት ንመተሓባበርትን መረዳእታ ኣከብትን ኣብ መተግበሪ ትልሚ መፅናዕቲ ጉድኣት ውልቀ፣ ህዝባውን ዘይመንግስታውን ትካላትን ኣብ ኣተኣኻኽባ መረዳእታን ዘለው ቕጥዕታትን ኣተኩሩ ስልጠና ተኻይዱ።



*ኣብ ከተማ ዓዲግራት ዝተሳለጠ ስልጠና*



*ኣብ ከተማ ውቕሮ ዝተሳለጠ ስልጠና*



## ውሽጣዊ ዓቕሚ መዕበይ ስልጠና

21 ግንቦት 2015ዓ.ም.፣ ኣብ ኮ.መ.ጀ.ት. ማእኸል መፅናዕቲ ሰብኣዊ ጉድኣት ኣብ ዓይነትን ባህሪያትን ዓለምለኸ ገበናትን ምስ ጀኖሳይድ ዘለዎም ፍልልይን ከምኡ ድማ ኣብ ምምዕባል ኬዝ (case development)፣ ኣመላልኣን ምርካብን ቅጥዒ ዓለም ለኸ ኮሚሽን ኪኢላታት ሰብኣዊ መሰላት ኣብ ኢትዮጵያ (ICHREE)ኣመልኪቱ ንሰራሕተኛታት ዝሃቦ ናይ ዓቕሚ መዕበይ ስልጠና።

## ስልጠና ኣብ ምእካብ መረዳእታ

26 ነሓሰ 2014ዓ.ም.፣ ኮሚሽን መፅናዕቲ ጀኖሳይድ ትግራይ ካብ ውልቀ፣ ህዝባውን ዘይመንግስታውን ትካላት ተወኪሎም ንዝመፁ ኣካላት ኣብ ምእካብ መረዳእታ ዘተኮረ ስልጠና ተዋሂቡ።



# ነገረ ፅንታ

ኣብ ታሪኽ ዓለም ፍልፍል ስቓይ፣ ጭንቂ፣ መከራን ብርሰትን ደቂ ሰባት ዝኾኑ ዓበይቲ ፍፃመታት ሓሊፎም እዮም። መዝገብ ኣመፃፅኣ ህዝቢ ዓለም እንትፍተሽ ብኣሉታውን ኣወንታውን መንገዲ ዝፅርሑ መልክዓት ኣለዉዎ። ኣብ ጥንታዊ ታሪኽ፣ ብፍላይ ኣውሮጳውያን ኣብ ሰነ-ፅሑፎም ዝጠቕስዎም ኣብ ኣውሮጳ ዝተፈፀሙ ዝተፈላለዩ ዓይነታት ገበን ዕንወት ከተማን ጥፍኣት ህዝብን ከም መልዓሊ ጀኖሳይድ ገይሮም ዝጠቕሱ መዛግብቲ ታሪኽ ኣለዉ።

ይኹን እምበር ጀኖሳይድ ዝብል ቃል ኣብ ዘበናዊ ታሪኽ ዓለም ምምዝጋብ ዝጀመረ ኣብ 1943 ኣ.ጎ ብ ፖላንዳዊ-ኣይሁዳዊ ምሁር ሕጊ ራፋኤል ለመኪን እዩ። ድሕሪ 5 ዓመታት ክልስ ሓሳብ ራፋኤል ለመኪን ዓብዩ ኮንቬንሽን ሕቡራት መንግስታት ቅፅዓትን ምክልኻልን ጀኖሳይድ (Convention on the Prevention and Punishment of the Crime of Genocide) ናብ ዝብል መእሰሪ ስምምዕ/ድንጋገ ክዓቢ ክኢሉ እዩ።

ጀኖሳይድ ዝብል ቃል ካብ ቋንቋ ግሪክ ዝተረኽበ እንትኾን፣ ካብ ክልተ ቃላት ዝተወሰደ እዩ። Genos ጉጅለ/ዓሌት ዝብል ትርጉም እንትህልዎ፤ Cide ድማ ምቕታል ማለት እዩ። ከልስ ሓሳብን ዕሙቐትን ጀኖሳይድ ብዝተፈላለዩ መንገድታት ዝግለፅ ኮይኑ ሕፅር ብዝበለ ኣገባብ ግን ጀኖሳይድ ሓደ ህዝቢ፣ ብሄር ወይከዓ ማሕበረሰብ ንምጥፋእ ዝዓለመ ተግባር ኢልካ ምግላፅ ይከኣል። ኣብ ዝተፈላለዩ እዋናት ድማ ዝርዝር መለከዒታት ገበን ጀኖሳይድ እናሰፍሑ መፂኦም እዮም።

ብመሰረት ኮንቬንሽን ጀኖሳይድ 1948 ኣ.ጎ ጀኖሳይድ ማለት ነዞም ዝስዕቡ ተግባራት ማለት `ውን ዝኾነ ብሄር፣ ዓሌት፣ ዘርኢ ወይ ሃይማኖታዊ ጉጅለ ናይ ምጥፋእ ዕላማ ዝገበረ እዩ፡

ሀ) ኣብ ልዕሊ ሓደ ማሕበረሰብ መቕተልቲ ምፍፃም

ለ) ኣብ ልዕሊ ሓደ ማሕበረሰብ ኣካላዊ ወይ ኣእምሮኣዊ ጉድኣት ምፍፃም

ሐ) ኮነ ኢልካ ሓደ ማሕበረሰብ ብምሉእ ወይ ብክፋል ክበርስ ጉድኣት ምብፃሕ

መ) ሓደ ማሕበረሰብ ከይቕፅል ኮነ ኢልካ ዘርኢ ከይትክእ፤ ከይነብር ስጉምትታት ምውሳድ

ረ) ኣባላት ሓደ ማሕበረሰብ ዝኾኑ ህፃናት ኣገዲድካ ናብ ካልእ ማሕበረሰብ ምውሳድ



ኣብ ልዕሊ ደቂ ሰባት ዝፍፀም ገበን ከይርሳዕ፣ ዝተፈጥረ ቁስሊ ብፍትሒ ክሕከም፤ ጉድኣት ዝበፅሖም ሰባት ርትዒ ክረኽቡ፣ ፈፀምቲ ገበን ክሕተቱ ምግባርን ተመሳሳሊ ኩነት ከይፍጠር ናይ ምስራሕን ሓላፍነት ናይ ኩሉ ክኸውን ግድን እዩ። ንዕኡ እዩ ድማ ቅድሚ ምዕዳቕ ኮንቬንሽን ጀኖሳይድ ዝፍፀሙ ዝነበሩ ገበናት ብዝርዝር ዝሓትትን ተሓታትነት ፍትሒ ዘረጋግፅን ትካል ዘይነበረ። ኣብዙይ፡ ስዒብና እንርእዮ ጀኖሳይድ ኣርመናውያን ከም ኣብነት ምቕራብ ይከኣል። ኣብ ታሪኽ ዓለም ጀኖሳይድ ተፍፂሙሎም ዝብሃሉ ከም ኣርመን፣ ኣይሁድ፣ ሩዋንዳ፣ ቦስንያ፣ ካምቦዲያ፣ ዳርፉር ... ወዘተ ምጥቃስ ይከኣል።

ኣብዚ ፅሑፍ ሰለስተ ፍፃመታት ጀኖሳይድ ክንድህስስ።

## ሆሎኮስት (HOLOCAUST)

ኣብ ልዕሊ ኣይሁዳውያን ዝተፈፀመ ጀኖሳይድ ብሃንደበት ዝተፈፀመ ከምዘይኮነ መዛግብቲ ታሪኽ ይሕብሩ። ኣዶልፍ ሂትለር ቅድሚ ናብ ስልጣን ምምፅኡ ኣብ Mein Kampf ዝብል መፅሓፉ ነቲ ንሱ ፅሩይ ዘርኢ ኢሉ ዝገልፆ ኣተሓሳስባ፤ ቀንዲ ፀላእቲ ኣይሁዳውያን እዮም ዝብል ኣቐሚጡ ነይሩ። ናዚ ጀርመን እንትምስረት `ውን ብመሪሕነት ኣዶልፍ ሂትለር ፀግዒ ፅልኣት ዘለዎም መልእኽትታት ፀረ ፅዮናውያን ይሰብኽ ነይሩ። ብእምነት ኣዶልፍ ሂትለር “ዘርኢ ኣርያን ካብቶም ካልኦት ዘርእታት ዝለዓለ እዩ”። ብተወሳኺ “መንቀሊ ኩሎም ክፍኣትን ፀገማት ጀርመንን፤ ኣይሁዳውያን እዮም”፡ ዝብል ቅዋም የሰጉም ነይሩ። ብኸምዚ ኣገባብ ዝተኾስኮሰ ፍኖተ-ካርታ ፅንታ እዩ ድማ ንሚልዮናት ኣይሁዳውያን ህልቐት መበገሲን መፈፀምታን ዝኾነ።
ካብ ኣዶልፍ ሂትለር ብዘይነኣኣስ ኣብ ልዕሊ ኣይሁዳውያን ዝተኻየደ ጀኖሳይድ ጠንሰስቲ ካብ ዝኾኑ ገበነኛታት ሓደ ሚንስትር ፕሮፓጋንዳን ህዝባዊ ኣብርሆትን ናዚ ጀርመን ጆሴፍ ጎብለስ እዩ። ጎብለስ ፀረ ፅዮናውያን እንትኾን ኣብ 1935 ኣ.ገ ኣይሁዳውያን ንምንፃልን ብሓይሊ ንምስዳድን ዝጠቅስ እማመ ብሕጊ ማዕቀፍ ማለት’ውን (Nuremberg Laws) ዝፀሓፈ ኣፈ ፕሮፓጋንዳ ናዚ ጀርመን እዩ። እዙይ ኣብ ልዕሊ ኣይሁዳውያን ንዝተፈፀሙ ገበናት ክውንነት ክህልዎም ዝገበረ ኣካይዳ እዩ ነይሩ።

ናዚ ጀርመን ብሚልዮናት ዝቑፀሩ ኣይሁዳውያን ኣብ ዝተፈላለዩ መዳጎኒ መዓስከራት ብምድጓን፤ ብሓለንጊ ጥምየት ክግረፉ፣ ብሕማም ክምንምኑ፣ ልዕሊ ዓቕሚ ስራሕ ክሰርሑን ክሳቐዩን ብምግባር ኣሰቃቒ መቕተልቲ ይፍፅም ነይሩ። ብፍላይ ብርክት ዝበሉ ከም ኣስችዊዝ ቢርኪኑ (Auschwitz-Birkenau) ዝኣመሰሉ መቕተልቲ ጣቢያታት ብምድላው መርዛም ጋዝ ብምጥቃም ኣሰቃቒ ቅትለት ተፈፂሙ እዩ።

ኣብ 1960ታት ኣ.ገ ከዓ ናዚ ጀርመን ነቲ ንሕቶ ኣይሁዳውያን ዝቐረበ ናይ መወዳእታ ፍታሕ ኢሉ ዝሰየሞ (The Final Solution to the Jewish Question) ህልቀት፤ ሆሎኮስት (Holocaust) ብዝብል ቃል ምግላፅ ተጀሚሩ። ኣብ ኣይሁዳውያን ብዝተፈፀመ ጀኖሳይድ ልዕሊ 6 ሚልዮን ህይወት ዝቐጠፈ እንትኾን ኣብ ደቂ ሰባት ንዘበናት ዝፀንሕ በሰላ ገዲፉ ሓሊፉ እዩ።

## ጀኖሳይድ ሩዋንዳ (RWANDA GENOCIDE)

ሩዋንዳ ካብ መግዛእቲ ቤልጅየም ብ1962 ከም ኣ.ገ ናፅነታ ምስረኸበት ኣብታ ሃገር ብዓሌት ሁቱ ዝተዓብለለ ፓርቲ መንግስታዊ ስርዓት ተቖፂሩ። ቅድመ ናፅነት ሩዋንዳ ልሂቃት ዓሌት ቱትሲ ንነዊሕ ዘበናት መንግስታዊ ስልጣን ብሒቶም ከምዝነበሩ ይንገር።

ድሕሪ ናፅነት ሩዋንዳ ኣብ መንጎ እዞም ዓሌታት ብዝተፈጠሩ ጎንፅታት ብኣሽሓት ዝቑፀሩ ተወለድቲ ቱትሲ ናብ ጎረቤት ሃገራት ተሰዲዶም እዮም። ኣብ 1990 ኣ.ገ ስደተኛታት ሩዋንዳውያን ተወለድቲ ቱትሲ ግንባር ሓርበኛታት ሩዋንዳ (Rwandan Patriotic Front (RPF)) ኣብ ኡጋንዳ ብምምስራት ኣንፃር ተወላዲ ዓሌት ሁቱ ፕረዚዳንት ሃብያሪማና ቃልሲ ጀመሩ። ኣብ 1994 ኣ.ገ ፕረዚዳንት ሃብያሪማና ዝሓዘት ነፋሪት ተወቂዓ ምስወደቐት እቲ ኣብ መንጎ እዞም ክልተ ዓሌታት ዝነበረ ምትፍናን ናብ ዝኸፍአ ብርኪ ተሰጋገረ።

እቲ ኣብ ልዕሊ ዓሌት ቱትሲ ዝበፅሐ ጀኖሳይዳዊ ጨፍጫፍ ብዝተፈላለዩ መንገድታት ዝግለፅ እዩ። ፅንታ ሩዋንዳውያን

ብዝተዋደደን መንግስታዊ መሓውር ብምጥቃምን ዝተኻየደ እንትኾውን፤ እቲ ገበን ኣብ ስልጣን ብዝነበሩ ልሂቃን ዓሌት ሁቱ ሙሉእ ድጋፍ ተዋሂብዎ፤ ኣብ መላእ እታ ሃገር ዝነበሩ ምልሻታት ንጡፍ ተሳትፎ ዝገበርሉ እዩ።

ኣብ ጀኖሳይድ ሩዋንዳ ልዑል ኣሉታዊ ፅልዋ ካብ ዝነበሮም ሓደ ሬድዮ ኣር.ቲ.ኤል.ኤም (Radio T′el′evision Libre des Mille Collines (RTLM)) እዩ። ዋላኳ እቲ ብዓሌት ሁቱ ዝግናሕ መንግስቲ ዝውንኖ ሬድዮ ሩዋንዳ እንተነበረ፤ ሬድዮ RTLM ብጣዕሚ ፅግዒን ተባራዕቲ መልእኽትታት ኣንፃር ዓሌት ቱትሲ ብምፍናው ነቲ ጀኖሳይድ ኣቀፃፂልዎ እዩ። እዚ ሬድዮ ዓሌት ቱትሲ ትሕቲ ሰብ ብዝኾነ ቋንቋ ንኣብነት ድድዕ (inyenzi ወይከዓ Cockroach) ዝብል ካብ ሰብኣውነት ዘውርድ ቃል ብምጥቃም ክነኣኣሱን ክቕተሉን ፃውዒት ኣብ ምግባር ኣሉታዊ ግደ ነይርዎ። ምቕታል ወይ ምሟት "kill or be killed" ብዝብል ፕሮፓጋንዳ ሬድዮ ኣር.ቲ.ኤል.ኤም (RTLM) ኣብ ጀኖሳይድ ሩዋንዳ ርኡይ ተሳትፎ ጨፍጫፍ ዝነበሮም ምልሻታት ኢንተርሃሞይ ኣብ ምልዕዓል ዝነበሮ ተራ ታሪኽ ዝሰነዶ እዩ። ጀኖሳይድ ሩዋንዳ ክሳዕ ሓደ ሚልየን ህዝቢ ዝፀነተሉ ታሪኽ ኾይኑ ተመዝጊቡ ይርከብ።


## ኣግሀት (AGHET)


ኣርመናውያን ካብ 1915 ኣ.ጎ ጀሚሩ ኣብ ልዕሊኦም ዝተፈፀመ ልዕሊ 1.5 ሚልዮን ህይወት ዝበልዐ ጀኖሳይድ AGHET እናበሉ ይፅውዕዎ። ቀጥታ ትርጉሙ ጀኖሳይድ/ ጥፍኣት ወይ ከዓ ብእንግሊዘኛ the catastrophe ይብልዎ። ቱርኪ ኣብ ልዕሊ ኣርመናውያን ዝፈፀሙቶ ጀኖሳይድ ልዕሊ 100 ዓመታት ኣቑፂሩ ኣሎ። ኣርመናውያን ኣብ ልዕሊኦም ዝተፈፀመ ገበን ብሽሙ ክፅዋዕ ክሳዕ ሐዚ ዝገበርዎ ቃልሲ ኣየቋረፁን። ቱርካውያን ድማ ነቲ ዝተፈፀመ ገበን ካብ ምክሓድ ዓዲ ኣይወዓሉን።


ኣብ ከተማታት ኢምፓየር ቱርኪ ኣርመናውያን ልሂቃን፣ ዶካተር፣ ሰብሞያ ሕጊ፣ ሰብሞያ ሓፂን መፂንን ወነንቲ ካልኦት ሞያታትን እዮም ኔሮም። ቱርኪ ኣብ ልዕሊ ኣርመናውያን ዝፈፀሞቶ ግበታ፣ ምብራር፣ ቅትለትን ምስረታ መዓስከር መቕተልቲን መዐቀኒታት ገበናት ጀኖሳይድ ዘማልኡ እዮም።


መስራቲ ክልስ-ሓሳብ ጀኖሳይድ ራፋኤል ለምኪን ካብ ዝሃቦ ሓደ መልዐሊ ኮንቬንሽን ምክልኻል እዚ ገበን፤ ኣብ ልዕሊ ኣርመናውያን ዝተፈፀመ ጨፍጫፍ እኹል ኣፍልጦ ብዘይ ምርካቡን ፈፀምቲ እቲ ጀኖሳይድ ቅፅዓት ብዘይ ምርካቦምን እዩ ይብል። ኣብ 1939 ኣ.ጎ ኣዶልፍ ሂትለር ቅድሚ ንፖላንድ ምውራሩ ንላዕለዎት ሓለፍቲ ዌርማክት (Wehrmacht) "…. ፖላንዳዊ ዘርኢ ዘለዎም ተባዕትዮ፣ ደቂ ኣንስትዮን ህፃናትን ብዘይምሕረት ንምቕታል ምድላው ወዲአ ኣለኹ…." ብምባል …. ወሲኹ …. "ብዛዕባ ፅንታ ኣርመናውያን ሎሚ መን ኣሎ ዝዛረብ …" ብምባል ገሊፁ ነይሩ። በዙይ ምኽንያት ይብል ራፋኤል ለምኪን፤ ስጉምቲ ብዘይ ምውሳዱ ሂትለር ዝደለዮ ነገር ንምፍፃም ክኢሉ። ቅድሚ ድንጋገ ኮንቬንሽን ጀኖሳይድ ኣብ ዝነበሩ መዋእላት ዝተፈፀሙ ገበናት ዝግበኦም ትኹረትን ቅፅዓትን ክረኽቡ ዘኽእል መስርሕ ስለዘይነበረ፤ ተደጋጊሞም ንክፍፀሙ መንገዲ ዝኸፈተ እዩ ነይሩ ምባል ይከኣል። ነዙይ ድማ ጀኖሳይድ ኣርመናውያን ተረሲዑ ከይተርፍን ትምህርቲ ክውሰደሉን ግድን ይኸውን።

ጀኖሳይድ ኣርመናውያን ምፍፃሙ ኣፍልጦ ምሃብ ዋላ'ኳ ሕጋዊ መስርሕ ተኸቲልካ ክግበር ዝነበሮ እንተኾነ፣ ምስ ፖለቲካ ስለ ዝተሓዋወሰ፣ ኣሜሪካ ነዚ ኣፍልጦ ክትህብ ልዕሊ 100 ዓመት ወሲዱላ። ካልኦት ሃገራት'ውን ንዝህልወን ፖሊሲ ዝምድና ሃገራት ኣብ ግምት ብምእታው ዝወሰደኦ ስጉምቲ እዩ። ጀኖሳይድ ኣርመናውያን ኣፍልጦ ንክረክብ ኣርመናውያን ክሳብ ሐዚ ኣብ ዓለምለኸ መድረኻት ይቃለሱ ኣለዉ።





## ፅንታ

ኣብ ኣፍሪካ ዝፍፀሙ ገበናት ኩናት፣ ግህሰት ሰብኣዊ መሰላትን ጀኖሳይድን ብኣፍሪካውያን እኹል ቆላሕታ ክወሃቦም ኣይረኣዩን። ኣህጉራዊ ትካላት ኣፍሪካ ብዘለዎም ልሕሉሕ ቅዋም፣ ድኹም ውሳነ፣ ስእነት ዓቕሚ፣ ክሕደት መንግስታት፣ ብጥቕሚ ዝተኣሳሰረ ዕቡር ምሕዝነት ሃገራትን ካልኦት ምኽንያታትን ንዝፍፀሙ ገበናት እኹል ጠመተ ክህቡ ኣይከኣሉን። ሃገራት ኣፍሪካ ተሓታትነትን ልኣላውነትን እናገላበጡ፤ ፍትሕን ካሕሳን ከይርከብ ዝኸድዎ መንገዲ ብዙሓት ነቐፌታታት ካብ ዝቐርቡሎም ሓደ መግለፂ እዩ።

ናብ ትግራይ እንትንመፅእ ድማ እቶም ልዕል ኢልና ዝረኣናዮም ተግባራት ብዝኸፍአ መንገድን ኣገባብን ተፈፂሞም ንረኽቦም። ትግራይ ብዝተፀንዐ መንገዲ፡ ብተሳትፎ ዝተፈላለያ ሃገራት ኮነ ተባሂሉ ብትልሚ ዝፍፀም ዘሎ ፅንታ ናይ ባዕሉ መፍለይ ባህርያት 'ውን ዘለውዎ እዩ።

ኮ.መ.ጀ.ት ክሳብ ሐዚ ብዝኣከቦ መረዳእታ መሰረት ሚድያታት ንፃውዒት ፅንታ ምጥቓም፣ ቅትለት፣ ዓመፅን ጥቅዓትን ደቂ ኣንስትዮ ከም መሳርሒ ፅንታ ምጥቓም፣ ዕንወት ታሪኻውን ሃይማኖታውን ቦታታት፣ ዕንወት መሰረተ ልምዓት፣ ዕፅዋን ከበባን ተጠቒምካ ህዝቢ ብኩናትን ጥሜትን ክበርስ ምግባር፣ ብሰንኪ ስእነትን ሕክምናን መድሓኒትን ህዝቢ ክሃልቕ ምግባር፣ ካብ ትግራይ ወፃኢ ኣብ ዝተፈላለዩ ከባቢታት ኢትዮጵያ ዝነብሩ ተጋሩ ኣብ መዳጎኒ ማእኸላት ምስቃይን ምቕታልን ካልኦትን ዝኣመስሉ መልከዓት ዘለዎ እዩ። ፅንታ ትግራይ ኣብ መበል 21 ክ.ዘ ዝተፈፀመ ፀሊም ፍፃመ ዓለም እዩ። ግዜ ይሕፀር ይንዋሕ ፅንታ ትግራይ ክስነድ፣ ኪቃላሕ፣ ፍትሕን ተሓታትንነትን ክነግስ፣ ከይድገምን ከይርሳዕን ምስራሕ ናይ ሕድሕድ ደቂ ትግራይ ሓላፍነት እዩ።

■ ■ ■





ግፍዕታት ሰራዊት ኢትዮጵያ፣ ኣብ ልዕሊ ሰላማውያን ተጋሩ
Atrocities committed by Ethiopian Forces on Tigrayan.ivilians



ኣብ ትግራይ፣ ደብረ ኣባይ ኣብ ዝተብሃለ ቦታ ዝተገበረ ጨፍጫፍ።

*(ትግሃት፣ 1 ለካቲት 2013ዓ.ም.)*

Graphic footage of Tigray's Debre Abay massacre.

*(Tghat, February 8, 2021)*



ኣብ ትግራይ፣ማሕበረ ዴጎ ብሰራዊት ኢትዮጵያ ኣብ ዝተፈፀመ ጨፍጫፍ፣ ንደቂተባዕትዮ ኣደቂሶምን ኣብ ድሕሪት ርእሶም ብጥይት ክቕተሉንዘርኢ ዘስካሕክሕ ምስሊ።

*(መይል ኦንላይን፣ 24 መጋቢት 2013ዓ.ም.)*

Horrifying picture shows men being led away and shot in the back of the head during Tigray massacre carried out by Ethiopian troops in Mahibere Dego. (*Mail Online 2 April 2021*)




# ፀብፃባት ጅምላዊ ጨፍጫፍ

### ሕዳር 2012ዓ.ም.

- “ኣብ ትግራይ ኣብ መንጎ ናይ ክልላዊን ፌደራልን መንግስቲታት ኣብ ዝካየድ ዘሎ ውግእ ልዕሊ 600 ሰላማውያን ሰባት ተቐቲሎም። እቲ ቕትለት ኣብ ዞባ ደቡባዊ ምዕራብ ትግራይ እትርከብ ከተማ ማይ ካድራ ’ዩ ተፈፂሙ” (ኣምነስቲ ኢንተርናሽናል)

- “ሓይልታት ኤርትራ ኣብ ሕዳር 2012ዓ.ም. ኣብ ከተማ ኣክሱም ብዘይ ኣፈላላይ ደብዳብ፣ ቶኽስን ካብ ፍርዲ ወፃኢ ቅትለትን ብኣማኢት ዝቑፀሩ ዘይተዓጠቑ ሰላማውያን ሰባት ቐቲሎም፣ ብትካላት ሰብኣዊ መሰላት እዚ ገበን ኣንፃር ሰብኣውነት ክኸውን ይኽእል እዩ” (ኣምነስቲ ኢንተርናሽናል)

### ጥሪ 2013ዓ.ም.

- ኤርትራ ኣብ ትግራይ ኣትዩ ዝዋጋእ ዘሎ ሰራዊታ “ብቕልጡፍ” ክተውፅእ ኣሜሪካ ፀዊዓ። መንግስቲ ኢትዮጵያ ግን ኣብታ ሃገር ምህላዎም ይክሕድ።

### ለካቲት 2013ዓ.ም.

- ኣብ መወዳእታ ዝሓለፈ ዓመት ኣብ ከተማ ደንገላት ኣብ ዝተኻየደ ሃይማኖታዊ በዓል ዝተፈፀመ ጅምላዊ ጨፍጫፍ ምርመራ ሲ.ኤን.ኤን ኣቃሊዑ። ናይ ዓይኒ መሰኻኽር ንሲ.ኤን.ኤን ኣብ ዝሃብዎ ሓበሬታ፣ ብ 21 ሕዳር 2012ዓ.ም. ሓደ ጉጅለ ወተሃደራት ኤርትራ ኣብ  መንፈሳዊ ኣገልግሎት ኣብ ዝነበርሉ እዋን ናብቲ ቤተ ክርስትያን ተኹሲ ብምኽፋት፣ ህይወት ካህናት፣ ደቂ ኣንስትዮ፣ ምሉእ ስድራቤታትን ልዕሊ 20 ህፃናት ቤት ትምህርቲ ዝሓኾፈ ጉጅለን ከምዝቐተሉ ተዛሪቦም።

- ሓይልታት ኤርትራን ናይ ክልላት ሓይልታት ኢትዮጵያን ካብ ክልል ትግራይ ክወፁን ቕትለትን ግህሰት ሰብኣዊ መሰላትን ከብቅዕ ሚኒስትር ጉዳያት ወፃኢ ኣሜሪካ ኣንቶኒ ብሊንከን ፀዊዑ።

- “ብፍላይ ኣብ ትግራይ ሰሜናዊ ክፋል ኢትዮጵያ ዘሎ ኩነታት ኣዝዩ ተኣማንነት ዘለዎ ፀብፃባት ምግሃስ ሰብኣዊ መሰላትን ግፍዒታትን ይፍፀም ከምዘሎ ንርኢ ኣለና።” (ሰክሪታሪ ኣንቶንዮ ብሊንከን)




*ኣብ እዋን ምስማዕ ጉባኤ ኮሚቴ ኮንግረስ፣ ሚኒስትር ጉዳያት ወፃኢ ኣሜሪካ ኣንቶኒ ብሊንከን ከምዝተዛረቦ ፣ "ኣብ ምዕራብ ትግራይ ዝፈፀም ዘሎ ተግባር ግህሰት ሰብኣዊ መሰላት፣ ዘርኢ ምፅራይ፣ ተቐባልነት ዘይብሉ እዩ" ክብል ኣውጊዙ።*



ኣብ ትግራይ ተኸሲ ደው ክብልን "ብሰፊሑ ዝፍፀም ዘሎ ግህሰት ሰብኣዊ መሰላት" ደው ክብልን ፕሬዚደንት ኣሜሪካ ጆ ባይደን ፀዊዖም።



ኣብ ወርሒ ለካቲት ምስ መራሕቲ ኢትዮጵያ ተራኺበ ነይረ፣ ንተጋሩ ከምዘጥፍኡዎምን ን100 ዓመት ከምዝድምስስዎምን እዮም ዝዛረቡ ነይሮም፣ ብሓቂ ከምዚ ዓይነት ቋንቋ ይጥቀሙ ነይሮም።

*(ፔካ ሃቪስቶ፣ ነበር ፍሉይ ልኡኽ ሕብረት ኣውሮፓ)*




ኣብ ኢትዮጵያ ዝርአ ዘሎ ኹሉ ተግባር ምፅናት ዓሌት ስለዝኾነ ኻሊእ ሩዋንዳ ክሳብ ዝኸውን ክንፅበ ኣይብልናን ስጉምቲ ክንወስድ ይግባእ።

*(ብራድ ሸርማን፣ ሴናተር ኣመሪካ)*




...ሐዚ ድማ ማእለያ ዘይብሉ ዘስካሕክሕ ሪፖርትታት ንሰምዕ ኣለና፤ ዓመፅ ከም መሳርሒ ኲናት ኾይኑ፣ ኣብ ልዕሊ ንፁሃን ዓመፅ ይፍፀም፣ ጥሜት ከም መሳርሒ ኲናት ኾይኑ፣ ጥሜት ይመፅእ ኣሎ...

*(ሊንዳ ቶማስ ግሪንፊልድ ፣ ኣብ ሕቡራት ሃገራት ኣምባሳደር ኣሜሪካ)*





# ማህሰይቲ : ድሕረ-ሰቅያት

ኲናት ኣብ ሓደ ማሕበረሰብ ዝፈጥሮ ስነ-ልቦናዊ ቅልውላው ውሑድ ትኹረት ክወሃቦ ይረአ፤ ሳዕቤኑ ግን ዝተሓላለኸን በሰላኡ ድማ ንዓመታት ካብኡ ሓሊፉ እውን ንወለዶ ዝዘልቕ ምኳኑ ኣየተሓታትትን። ቀጥታዊ ጉድኣት ኲናት ኣብ ህይወትን ንብረትን ዘስዕቦ ፀገም ድሕሪ ስምምዓትን ውዕልታት ደው ምባል ግርጭትን ናይ ምቕናስ ኢሉ እውን ደው ምባል ዕድላት እንተሃለዎም’ውን ስነ-ልቦናዊን ስነ-ኣእምራዊን ሃሰያታቱ ግን ብዝኸፈአ ኹነታት ክቕፅል ይረአ። ኣብ ዝተፈላለዩ እዋናት ኣብ ትግራይ ዝተኻየዱ ኹናታት ዝገደፉዎም በሰላታት ኣብ ሕብረተሰብና ንወለዶታት ክሳገሩ ዝኽእሉ ቕልውላዋት ፈጢሮም እዮም። ኣብ 24 ጥቅምቲ 2013 ዓ/ም ኣብ ልዕሊ ትግራይ ዝተወለዐ ኲናት ድማ ማሕበረሰብና ብኹሉ መዳይ ናብ ዝኸፈአ ፀገም ኣሳጢሕዎ ይርከብ። ስነ-ልቦናውን ስነ-ኣእምራውን ቅልውላው ድማ ብሰፊሑ ካብ ዝረኣዩን እዚ ኹናት ካብ ዘስዐቦምን ዘስዕቦም ዘሎን ፀገማት ሓደ እዩ። ንነዊሕ እዋን ዝፀንሕ ፍርሒ፣ ስግኣት፣ ምስኣን ዓርሰ-እምነት፣ ጭንቀትን (Depression) ተስፋ ምቑራፅን ኢሉ ’ውን ብድሕረ-ስቅያት/ጎንፂ (post-traumatic stress disorder) ዝፍጠር ኣእምሮኣዊ ቅልውላው ዝሳቐ ማሕበረሰብና ድሕረ ኲናት ’ውን ብዝኸፈአ መልክዑ ክሃስይዎ ይረአ።

ህዝቢ ትግራይ ግፍዓዊን ጅምላዊ ቅትለት ንፁሃት ዜጋታትን፣ ኣብ ልዕሊ መንበሪ ኣባይቲን ህዝቢ ዝተኣኻኸበሎም ቦታታትን ዝተፈፀሙ ደብዳባት ነፈርትን ኸበድቲ ኣፅዋርን ሓዊሱ ኹሎም ዓይነትታት ጉድኣት ኲናት ኣብ ቅድሚኡ ክፍፀሙ ዝተዓዘበ ህዝቢ ከም ምኳኑ መጠን፣ ካብ ሰብኣዊን ንዋታዊን ጉድኣት ሓሊፉ ኣብ ማሕበራዊ፣ ኣእምሮኣዊን ስነ-ልቦናዊን ህይወቱ ዝፈጠሮ ቅልውላው ኸቢድ በሰላ ኣስዒቡ ይርከብ። ዘጋጠመ ኹሉ ዓይነት ስነ-ልቦናዊን ኣእምሮኣዊን ጉድኣት ንምፍላጥን ዕምቀት እቲ ፀገም ንምግንዛብን ሰፊሕ ፅንዓት ዝሓትት’ኳ እንተኾነ፣ ንነዊሕ እዋናት ካብኡ ሓሊፉ ድማ ንወለዶታት ዝሳገር ፀገም ኣብ ምፍጣር ዝህልዎ ኣሉታዊ ፅልዋ ንምግንዛብ ግን ከቢድ ኣይኮነን። ብኣንፃር ፃንሒትን ስፍሓትን እዚ ፀገም እንትረአ ’ውን ካብ ቅድሚ ምውላዕ እቲ ኹናት ጀሚሩ ብዝተፈላለዩ መራኸቢ ማዕኸናት ዝመሓላለፉ ዝነበሩ መንነት ተጋሩ መሰረት ዝገበሩ ናይ ፅልኢ መልእኽቲ፣ ብዙሓት ካብ ትግራይ ወፃኢ ኣብ ዝተፈላለዩ ክፋላት ኢትዮጵያ ንዝነብሩ ተጋሩ ናብ ኸቢድ ስግኣትን ጭንቀትን ስነ- ልቦናዊ ቅልውላውን ኣእትይዎም ፀኒሑ እዩ።

ብምኽንያት ኣብ ትግራይ ንኣስታት ክልተ ዓመታት ዝተኻየደ ብዙሓት ናይ ውሽጢን ናይ ደገን ሓይልታት ብዝተፈላለየ መልክዑ ዝተሳተፉሉን ደማዊ ኲናት ብዓለምለኽ ድንጋገታት ንፁሃት ዜጋታት ክረኽብዎ ዝግባእ ሓለዋ ብምጥሓስን ንፁሃት ከም ብቐጥታ ተሳተፍቲ እቲ ኲናት ብምውሳድ መሰረታዊን ሰብኣዊን ሓገዛት ካብ ምኽልካል ሓሊፉ ህይወት ኣማኢት ኣሽሓት ንፁሃት ኣጥፊኡ እዩ። ብተውሳኺ 'ውን ኣባል ስድራ ንግፍዓዊ ቕትለትን ንዝተፈላለዩ ዓይነትታት ጥቕዓት እንትቃልዑ ምርኣይ፣ ዘስካሕክሕ ፆታዊ ጥቕዓት ደቂ ኣንስትዮ፣ ምምዛባልን ስደትን ሚልዮናት ዜጋታትን ምብትታን ኣባላት ስድራን፣ ጅምላ ማእሰርቲ፣ ምፍራስ መሓውራት ፀጥታ፣ ካብኡ ሓሊፉ ብዝተነበረ ዕፅዋን ከባን ዝተፈጠረ ስእነት ምግቢ፣ መድሓኒት፣ መዕቖቢን ካልኦት መሰረታዊ ነገራትን፣ ምቁራፅ መራኸቢ ኣገልግሎት፣ መንገዲታትን ባንክታትን፣ ካልኦት ፀገማትን ኣብ ስነ-ልቦና ሕብረተሰብና ብቐሊሉ ዘይሓዊን ዝተሓላለኸን ፀገም ፈጢሩ እዩ።

ከም ፀብፃብ ዓለምለኽ ማሕበር ዶብ ኣልቦ ሓካይም (Mèdecins Sans Frontières)፣ ልዕሊ 70% ትካላት ጥዕና ትግራይ ንጉሕለትን ዕንወትን ተሳጢሐን ግልጋሎት ንምሃብ ኣብ ዘይኽእላሉ ብርኪ ምብፀሐን ድማ ፃዕሪ ሕውየት ስነ-ልቦናዊ ቑስሊ ሕብረተሰብና ዝኸፈአ ይገብሮ። ትካላት ሃይማኖት ትግራይ 'ውን ዝበፀሐን ዕንወት ኣብ ምሕዋይ እዚ ፀገም ዝግበአን ከየበርክታ ዕንቅፋት ኾይንወን ይርከብ።

ዕምቆት እዚ ፀገም ንምርዳእ ኣዝዩ ሰፊሕን ናይ ብዙሓት ኣካላት ርብርብን ዝሓትት ምስ ምዃኑ ኣብ ክሊ ዝተወሰነ እዋን ጥራሕ ተፀኒዑ ንክፍለጥ ድማ ኣፀጋሚ ይገብሮ። ኣብ ሓደ ሓደ ክፋል ሕብረተሰብና ዝተገበሩ ውሱናት ውፅኢታት መፅናዕትን ዳህሳሳትን ከምዘርእይዎ፣ ኣብ ትግራይ ዘሎ ፀገም ስነ-ልቦናዊ ማህሰይቲ ንኹሉ ክፋል ሕብረተሰብና ዘባፅሐን ከቢድ በሰላ የስዕብ ከምዘሎን እዩ።

ከም ውፅኢት መብዛሕትኦም መፅናዕቲታት ኲናት፣ ብፍላይ ኣብ ህፃናትን ደቂ ኣንስትዮን ናብ ከቢድ ኣካላውን ስነ-ልቦናውን ፀገም የቃልዕ። ብሰንኪ እዚ ኲናት፣ ህፃናት ትግራይ ኣብ ተደራራቢ ፀገም ኣትዮም ይርከቡ። ትካል መድሕን ህፃናት ዩኒሴፍ (UNICEF) ኣብ ሰነ 2021 ኣ.ጎ. ዕላዊ ኣብ ዝገበሮ ሪፖርት ልዕሊ 6000 ህፃናት ትግራይ ብዘይ ሓብሓቢ ከምዝተረፉን ቁፅሮም 'ውን ካብዚ ንላዕሊ ከምዝኸውን ካብ ምግላፁ ብተወሳኺ፣ ልዕሊ 720,000 ህፃናት ብምኽንያት እዚ ኲናት ተመዛቢሎም እዮም። ድሕሪ እዚ ሪፖርት 'ውን እንትኾነ ብዘይ ሓብሓቢ ዝተረፉን ዝተመዛበሉን ህፃናት ቁፅሮም ልዑል እዩ። ኣብቶም ካብ ኲናት ዝተረፉ ህፃናት ትግራይ ሳዕቤኑ ክሳብ ዕድመ ልክዖም ንዝዘልቕ ማሕበራዊን ስነ-ኣእምሮኣዊን ማህሰይቲ ኣሳጢሕዎም ይርከብ። ካብ ትምህርቶም ምፍላዮም፣ ብሰንኪ ስእነት ሕክምናን ምግቢን ናብ ዝተፈላለዩ ፀገማት ጥዕና ካብ ምስጣሖም ብተወሳኺ ከበድቲ ሰብኣዊ ግህሰትን፣ መርሸንቲን ብቐጥታ ኮነ ብተዘዋዋሪ ምዕዛቦም፣



ኣካሎም ምጉዳሉ፣ ንናይ ከበድቲ ኣፅዋርን ናይ ውግእ ነፈርትን ደብዳባትን ረባሺ ድምፅን ንነዊሕ ግዘ ምቅልያም፣ ዛጊድ ምስ ስድራኦም ወይድማ መዕበይቶምን ክራኸቡ ዘይካኣሉ ህፃናት ምህላዎም እንትፍለጥ እዚ ድማ ኣብ ስነ-ልቦንኦምን ቀፃሊ ህይወቶምን ዓብይ በሰላ ፈጢሩ ይርከብ።

ብ ዘ-ሉሚኖስ ፈንድ (The Luminos Fund) ዝተገበረ መፅናዕቲ ከምዘመልኸቶ፣ 72 ሚእታዊ ኣብቲ መፅናዕቲ ዝተኻፈሉ ህፃናት ኣብ ቐረብኦም እንትትኮስ ዝተዓዘቡ እንትኸውን ካብኣቶም ድማ 44 ሚእታዊ ዝኾኑ ሬሳ ሰብ ዝረኣዩ ምዃኖም ይሕብር። ካብ ሰለስተ ህፃናት እቲ ሓደ ሰብ ኣብ ቕድሚኡ/ኣ ክቕተል ዝተዓዘበ/ት እንትኸውን እዚ ድማ ኸብደት ስዒቡ ዝተፈጠረ ስነ-ኣእምሮኣውን ስነ-ልቦናውን ማህሰይቲ ዝሓቶ ሰፊሕ ፃዕሪ የመላኽት።

ከም ፀብፃባት ኣሶሼትድ ፕሬስን (Associated Press) ዘ-ዎርልድን (The World)፣ ብሰንኪ ኣብ ጥቓ መንበሪ ገዝኦም ብዝተፈንጀሩ ኸበድቲ ኣፅዋራት ዘውፅእዎ ልዑል ድምፂ ብዝፈጠረሎም ናይ ኣካላውን ስነ-ኣእምሮኣውን ፀገም (state of mental shock - blast trauma)፣ ዛጊድ ዓርሶም ክኢሎም ምንቅስቓስ ኮነ ምዝራብ ዘይኽእሉ ከምዘለዉ ሓቢሩ እዩ። ኣብ ማእኸላት ጥዕና ኾነ ተባሂሉ ዝተፈፀመ ጉሕለትን ዕንወትን ድማ ብቐሊሉ ሓገዝ ከይረኽቡ ዕንቅፋት ከምዝኾኖም ይሕብር።

ኹነታት ህፃናት ትግራይ መተሓሳሳቢን ቕልጡፍ ትኹረት ኣብ ዝጠልብ ኸቢድ ኹነታት ከም ዘሎን ዝሓበረ ውፅኢት መፅናዕቲ ዘ-ሉሚኖስ ፈንድ (The Luminos Fund) ድማ፣ እቶም ህፃናት ርኡይ ዝኾነ ዝተምሃርዎ ናይ ምርሳዕን ንቐፃሊ'ውን ድሌት ትምህርቲ ናይ ምስኣንን ፀገም ከምዝፈጠረሎምን፣ ብተወሳኺ እውን ብመረዳእታ ዝተደገፈ ከቢድ ናይ ስነ-ኣእምሮኣዊ ቁስሊ (substantial psychological trauma) ተቓላዕቲ ከምዝኾኑ ይገልፅ። ብመሰረት እቲ መፅናዕቲ፣ 81 ሚእታዊ ህፃናት ብኣገዳዲ መልክዑ ክመዛበሉ ከምዝተገበሩ ሓቢሩ ከባቢ 50 ሚእታዊ ዝኾኑ ካብ ጠወርቶም ከምዝተፈላለዩን፣ 45 ሚእታዊ ድማ ሰባት እንትሳቐዩ ከምዝረኣዩን ይሕብር።

ኣብቲ ፅንዓት ካብ ዝተሳተፉ ህፃናት ንምርዳእ ከምዝከኣል፣ ብዝተፈጠሮም ስነ-ኣእምሮኣዊ ማህሰይቲ ከባቢ 70 ሚእታዊ ዝኾኑ ብጥሜት/ዓፀቦ ከይሞቱ ስግኣት ይሓድሮም፤ 15 ሚእታዊ ህፃናት እንተውሓደ ሓደ ኣባል ስድራኦም ከምዝሰኣኑ እንትሕብሩ፣ እቲ ኹነታት ብዝፈጠረሎም ፀቕጢ ስነ-ልቦና ድማ ከባቢ 62 ሚእታዊ ህፃናት ክሞቱ ከምዝኽእሉ ስግኣቶም ይገልፁ። ብምኽንያት እዚ ኩናት ካብ ክልተ ህፃውንቲ እቲ ሓደ (ከባቢ 47 ሚእታዊ) ድሕሪ ከቢድ ስቅያት ዝፍጠር ማህሰይቲ ኣእምሮኣዊ ፀገም (post-traumatic stress disorder) ተቓላዕቲ ኾይኖም እዮም። ካብ ምዕራብ ትግራይ ዝመፁ ህፃናት ድማ ብዝኸፈአ መልክዑ ንስነ-ልቦናውን ስነ-ኣእምሮኣውን በሰላ ተሳጢሖም ይርከቡ። "ውፅኢት እዚ መፅናዕቲ ብግሁድ ዘመላኽቶ ነገር እንተሃለወ፣ እዚ ኩናት ኣብቶም ህፃናት ዘስዓቦ ከቢድ በሰላ እዩ። እዚ ድማ ኣካላዊ ጉድኣት ወይ ሞት ጥራሕ ከይኮነን፣ ስነ-ኣእምሮኣዊ ቁስሊ (psychological trauma) እዩ" ይብሉ ዶ/ር በላይ ሓጎስ መራሒ እቲ መፅናዕቲ።

ካብቶም ብምኽንያት እዚ ኩናት ከቢድ ስነ-ልቦናዊ ማህሰይቲ ተጠቃዕቲ ክፉል ሕብረተሰብ ደቂ ኣንስትዮ 'ውን ብዋናነት ይጥቀሱ። ተደራራቢ ካብ ናይ ማሕበራውን ኢኮኖምያውን ፀገማት ሓሊፉ ኣብ ርእሲኦን ዝበፅሐ ዘስካሕክሕ ፆታዊ ዓመፅን ኣካላዊ ጥቕዓትን ንከቢድ ማሕበራዊ ተነፅሎን፣ ስነ-ልቦናዊን

ኣእምሮኣውን ቅልውላው ኣሳጢሒወን ይርከብ። እዚ ፀገም ብዘምፅአለን ሳዕቤን ምኽንያት ምስ ሕብረተሰብ ንምትሕውዋስ ከምዝተፀገማን፣ ብፍላይ ኮነ ተባሂሉ ብተመሓላለፍቲ ሕማማት ዝተትሓዛ፣ ንዘይደለይኦ ጥንሲ ዝተቓልዓ፣ ኢሉ ’ውን ካብ ዓመፅተን ዝወለዳ ብዘለወን ስነ-ልቦናዊ ቁስሊ ክሳብ ዓርሰን ንምጥፋእ ንምውሳን ከምዘገድደን ይገልፃ። ድሕሪ ፆታዊ ጥቕዓት ብህይወት ምትራፈን ኸም ጥፍኣት ቖፂረን ንስነ-ኣእምሮኣዊ ፀገም ዝተሳጥሓ እውን ብዙሓት እየን። ዝገጠመን ስነ-ልቦናዊ ማህሰይቲ ካብ ኣእምሮአን ንምፍሓቕ ነዊሕ እዋን ከምዝሓትት ድማ ይሕብራ። ብዝበፅሐን ጉድኣት ዓመፅተን ጥቅዓት እንትፍፅሙለን ዝዛረብዎም ዝነበሩ ፀያፍ ቃላት፣ ናይ ምብጫው ተግባራትን ናብ ኣእምሮአን እናተመላለሰ ከቢድ ስነ-ልቦናዊ ፀቕጢ ፈጢሩለን እዩ።

ኣብ ዝተፈላለየ ዓውዲ ንዝነጥፉ ሰብ ሞያ፣ ሰራሕተኛታትን ምሁራትን እውን ዝኸፈአ ስነ-ልቦናዊ ማህሰይቲ ተቓሊዖም እዮም። ሓኻይም ትግራይ ኣብ ህዝቦም ንዝበፅሕ ግፍዒ ንምንካይ ብሞያኦም ዓብይ ኣበርክቶ ካብ ዝገበሩ ክፋል ሕብረተሰብ ብቐዳምነት ይስርዑ። ብዝበፅሐን ፆታዊ ዓመፅ ንዝተጠቕዓ ደቂ ኣንስትዮ፣ ብኸበድቲ ኣፅዋራት፣ ነፈርትን ዝተጎድኡ ኣካላት ንምሕካም፣ ነብሰ-ፁራትን ሕዱር ሕማም ንዘለዎምን ንምክትታልን ንምሕካምን ብዝነበሮም ተደራራቢ ሓላፍነትን ብኣንፃሩ ድማ ብሕፅረት መሳርሒ ሕክምናን ኣፋውስን፣ ስእነት ሓይሊ መብራህቲ፣ መራኸቢ፣ ትራንስፖርትን ገንዘብን፣ ብሰንኪ ሰብ ሰራሕ ፀገም በብመዓልቱ ክድሕኑ ብዝኽእሉ ሕማማት ዝሞቱ ተሓከምቲ ምርኣይን ስቓዮም ምዕዛብን ዝፈጠረሎም ስነ-ልቦናዊ ፀቕጢ ከቢድ እዩ። ብምኽንያት እዚ ድማ ከም ውፅኢት፣ ኣብ ሆስፒታል ዓይደር ኣብ ዝረከቡ ሓኻይም ዝተገበረ መፅናዕቲ ከምዘመላኽቶ፣ ተስፋ ምስኣን፣ ምዝባዕን ምስኣንን ድቃስ፣ ሕማም፣ ቓንዛ፣ ዓርሰ-ወቐሳ (ስምዒት ጥፍኣተኝነት)፣ ምምዕባል ስግኣት ንሓደጋን ንጥቕዓት ተቓላዕነትን፣ በቢመዓልቱ ዝቃለስዎም ፀገማት ኮይኖም እዮም። እዞም ስነ-ልቦናዊ ፀገማትን ናይ ስምዒት ምምዝባላትን ድሕሪ እዋን ንቶም ሰብ ሞያ ጥዕና ትሑት ዓርሰ እምነት (low self-esteem)፣ ስምዒታዊ ምዃን፣ ንስርሖም ምፅላእን ትሑት ተበግሶን ከምዝፈጠረሎም ይሕበር። ኣብ ሆስፒታል ዓዲ ግራት ንፆታዊ ጥቕዓት ንዝተሳጥሓ ደቂ ኣንስትዮ ዝሕክም በዓል ሞያ ጥዕና ዶ/ር ኣታኽልቲ፣ ኣብ ሕክምና ቦታ ብዝሪኦም ኣእምሮኣዊ ውጥረትን ጭንቀትን ዝፈጥሩ ነገራት ልዑል ስነ-ልቦናውን ማሕበራውን ፀቕጢ ከምዘሕደረሉ ይዛረብ። ቢቢሲ ትግርኛ ኣብ ዘውፅኦ ፀብፃብ ኣብ ዝሃቦ ቃል “መዓልታዊ ዝርእዮን ዝሰምዖን ስለ ዝኾነ መዓልታዊ ርእሰይ ይሕመኒ፣ ኣእምሮኣዊ ውጥረት ይገብረለይ፣ ጭንቀት ኣለኒ፣ ስሩዕ ኣመጋግባ የብለይን፣ ነብስኻ ምድርባይን ብዝኾነ ነገር ዘይምሕጓስን ’የ ዘስተውዕል” ይብል ዶ/ር ኣታኽልቲ። ዕግበትን ባህታ ዝፈጥር ስምዒት ከምዘይብሉ እንትገልፅ “ብኣንፃሩ ተስፋ ምቑራፅ ‘ዩ ዝስምዓኒ” ብምባል ዝፈጠረሉ ስነ-ልቦናውን ኣእምሮኣውን ፀገም ይሕብር። ብተመሳሳሊ ንዝተጠቕዓ ደቂ ኣንስትዮ ኣብ ምሕካም ትነጥፍ ነርስ ሙሉ “ንገዛ ክኸድ ከለኹ፣ ኩሉ ’ዩ ምሳይ ዝኸይድ። ነፍሲ ወከፍ ክሕክማ ዝውዓልኩ ሸማ፣ ኣካላታ ፈፂመ ኣይርስዖን። ቀትሪ ምሳይ ለይቲ ምሳይ ’የን።” ብምባል ሙያዊ ግቡኣ ኣብ እትዋፅኣሉ እዋን ስነ-ልቦንኣ ብሓያል ከምዝተሃሰየ ትገልፅ።

ኣብ ዝተፈላለዩ ክፋላት ዓለም ዝተፈጠሩ ጀኖሳይዳዊ ኵናት ድሕሪ ምብቃዖም እኳ ንዝፍጠሩ ማሕበራዊ፣ ስነ-ልቦናውን ስነ-ኣእምሮኣውን ፀገማት ብእዋኑ ብዘይምፍታሖም ንዘይዛሪ ቕልውላው ተሳጢሖም ይርከቡ።

ብምኽንያት ኣብ ትግራይ ዝተኻየደ ዘስካሕክሕ ፅንተታዊ ኵናት ዝፈጠሮ ስነ-ልቦናዊ ቁስሊ ብዘይ ናይ ፆታ፣ ሃይማኖት፣ ከባቢ፣ ሞያን ካልኦት ኣፈላላያትን ንኹሉ ክፋል ሕብረተሰብና ንኸቢድ ቅልውላው ኣሳጢሑዎ ይርከብ። እዚ ፀገም ቅልጡፍ፣ ሰፊሕን ቐፃልነትን ብዘለዎ መልክዑ ትኹረት ተዋሂብዎ ንቐፃሊ ዝፈጥሮ ፀገም ንምንካይ ብዕቱብ ክስረሓሉ ይግባእ።

■ ■ ■

# ግፍዕታት ፀላኢት

14 ሕዳር 2013ዓ.ም.፣ ኣብ ዞባ ሰሜን ምዕራብ ትግራይ ወረዳ ኣስገደ ጣብያ ሕፃፅ፣ እንዳ ኣደይ ኣራደሽ ተወሉ ገብራይ ንወዲ 80 ዓመት ሓወን ሓዊሱ፣ ደቀንን ደቂ ደቀንን 17 ኣባላት ሓንቲ ስድራቤት ብወራሪ ኣረመኔ ሰራዊት ኤርትራ ተረሺኖም።




23 November 2020, 17 members of a family, including 80-year-old brother, children and grandchildren, were executed by the invading brutal Eritrean troops in the house of Mother Aradesh Tewlu Gebray in Tabiya Htsats, Wereda Asgede, Northwest Tigray.



ሰራዊት ኢትዮጵያ ፣ ንሲቪል ትግራዋይ ኩርንኩሪት ኣሲሮም እንተሳቐይዎ።

Ethiopian troops torturing civilian Tigrayan with his hands tied behind his back.



# ፆታዊ ጥቕዓት ከም መሳርሒ ዘርኣዊ ፅንተት

ኣብ ዝሓለፉ ወፍሪታት ፅንተት፣ ኣብ ትግራይ ዝተፈፀሙ ተግባራት ጀኖሳይድ መግለፂኦም ብዙሕ እዩ። እቲ ሓደ ዝግለፀሉ መንገዲ ድማ ኣብ ደቂ ኣነስትዮ ትግራይ ዝተፈፀሙ፣ ገሊኦም ተሰሚዖም ዘይፈልጡ ዓይነታት ፆታዊ ጥቕዓት እዮም። እቲ ተግባር ፅንተት ዘብሎ ከይዲ ኣፈፃፅማኡ ጭካነ ዝተመልኦ ምዃኑ ጥራሕ ኣይኮነን፤ ወይ ቑፅሪ ግዳያት ፆታዊ ጥቕዓት ምብዛሕን ምውሓድን ’ውን ኣይኮነን እኳ ደኣስ ኣተና (intent) እቶም ፈፀምቲ እንታይ ምዃኑ ስለዝፍለጥ ’ውን እዩ። ነዚ ድማ ከይሓብኡ ተዛሪቦም እዮም። ብዕስለ እንትደፍሩወንን ባዕዲ ነገር ናብ ማህፀነን እንተእትዉለንን “ማህፀንክን ትግራዋይ ከፍሪ የብሉን፣ ደምክን ከፅርዮ ’የ ዝደፍረክን ዘለኹ...ወዘተ...” እናበሉ እዮም ፈፂሞምዎ። ቀዳማይ ሚኒስተር ኢትዮጵያ ኣብይ ኣሕመድ ’ውን እንተኾነ “ንሳተን ዝተደፈራ ብኣወዳት፤ ወተሃደራትና ግን ብሳንጃ እዮም ተደፊሮም” ኢሉ ብጋህዲ ዝተዛረቦ ፀግዒ ገበን እቲ ፅንተት ዘርኢ እዩ።

እዚ ፅሑፍ ኣብ ትግራይ ዝተፈፀመ ፆታዊ ጥቕዓት ንምድህሳስ ኣይፍትንን፤ ሰፊሕን ዓሚዩቕን ብምዃኑ። ይኹን ደኣ ’ምበር ነቲ ሰብ ክስከሞ ዝኸብድ ስቓይን መከራን ዝበፅሐን ክልተ ደቂ ኣንስትዮ ተጋሩ ኣሕዋትና መሰረት ገይሩ ጭላፍ እቲ ገበን ኣልዒሉ ዝድህስስ እዩ።

ነዚ ፅሑፍ ክብሃል ተኽኣን ይሕደጋን ብዝብል ስመን ተቐይሩ ኣሎ። እቲ ገበን ዝተፈፀመሉ ከባቢ ’ውን ኣይተገለፀን። ታሪኽን ይቕፅል...

## ኣስቃቒ ዛንታ ተኽኣ

ተኽኣ ጓል 30 ዓመትን በዓልቲ ሓዳርን እያ። ምስ በዓል ገዝኣን ወዳን ካብ ትግራይ ወፃኢ ኣብ ዝርከብ ከባቢ ኢትዮጵያ ትነብር ነይራ። ተኽኣን በዓል ገዝኣን ኣብቲ ኸባቢ ኣብ ዝነበሩሉ እዋን መንበሪ ገዛን ትራክተርን ነይሩዎም። ሰሊጥን በርበረን ብምፍራይ ከኣ መነባብሮኦም ይመርሑ ነይሮም። ካብ 2008ዓ.ም ኣትሒዙ ግን ከም ቶም ካልኦት ኣብቲ ቦታ ይነብሩ ዝነበሩ ተጋሩ፣ ብሰንኪ መንነቶም ጥራሕ መጥቃዕቲ ወረዶም። ኣብ ሓምለ 2012ዓ.ም፣ እታ ብስድራ ተኽኣ እትውንነን ዝነበረት ትራክተር ብሓዊ ነደደት። ኣብታ

መዓልቲ እቲኣ፣ ተኸኣን ኣብቲ ክልል እትነብር ዝነበረት ሓፍት`ኖኣን ካብቲ ኸባቢ ሃዲመን ናብ ሱዳን ተሰደዳ። እዚ እንት`ኸውን ካብ ገዛ ወፃኢ ዝነበሩ በዓል ገዝኣን ወዳን ናበይ ከምዝኸዱ ሓበሬታ የብላን።

ኣብ መወዳእታ፣ ተኸኣ ምስ ሓፍትኖአ ብም`ኽንያት ናብ ትግራይ ክመፃ ከኣላ። ኣብቲ በዓል-ፀጋ ዕድመ ዝኾኑ ዓይነ ስዉር ኣቦኣ ዝነብሩሉ ኣብ ማእኸላይ ዞባ ዝርከብ ትውልዲ ዓዳ ድማ በፅሓ። ድሕሪ ሒደት ኣዋርሕ፣ እቲ ውግእ ኣብ ትግራይ እናተባርዐ ብምምፃእ፣ ናብታ እትነብረላ ዝነበረት ንእሽተይ ቁሸት በፅሐ።

ብርግፅ እቲ ዉግእ ናብቲ ቦታ ዝመፀሉ ዕለት መዓዝ ም`ኳኑ ብት`ኽክል ኣይትዝክሮን። ኰይኑ ግን፣ እቲ ውግእ ካብ ዝባራዕ ሒደት ሰሙናት ዘቑፀረን ኣብ 2013 ዓ.ም ካብ ዝነበሩ ኣዋርሕ ኣብ ሓዲኡ ከም ዝነበረን ርግፀኛ እያ።

ወተሃደራት ኤርትራ ኣብታ ቍሸት ኣብ ዝበፅሑላ መዓልቲ ሰራዊት ምክልኻል ትግራይ ድሮ ካብቲ ቦታ ወፂኦም ነበሩ። ብዙሓት ሰባት፣ ወተሃደራት ኤርትራ ክይቐትሉዎም ብምፍራሕ ካብቲ ቦታ ሃደሙ። ተኸኣን ኣቦኣን ግን ኣብ ቤቶም ፀንሑ። ኣቦኣ ብዕድመ ዝደፍኡን ዓይነ-ስውርን ስለ ዝኾኑ፣ ክሃድሙ ዝኽእልሉ ዕድል`ውን ኣይነበረን። እዋኑ፣ ሰዓት ሰለስተ ናይ ንግሆ ኢዩ ነይሩ።

ኣብ`ታ መዓልቲ እቲኣ ኸዓ፣ ኣቦኣ ፀሓይ ክሞቑ ስለ ዝደለዩ ኣብ መረባ ኮፍ በሉ። ብድሕሪ`ዚ እቶም ወተሃደራት ናብ ገዛ መፂኦም ነቶም ብዕድመ ዝደፍኡ ኣቦኣ ናብ ገዛ ክኣትዉ ኣዘዙዎም። ኣቦኣ ድማ ቀስ ኢሎም ናብ ገዛ ኣተዉ። ብድሕሪኡ ሰራዊት ምክልኻል ትግራይ ኣበይ ከም ዘለዉን ነቶም ወተሃደራት ምግብን ማይን እተዳልወሎም ዝነበረት ንሳ እንተ ኾይናን ሓተቱ። ንሳ ብወገና ዋላ ሓንቲ ኸም ዘይትፈልጥ ክትገልፀሎም ፈተነት። ንኣባላት ምክልኻል ትግራይ ርእያቶም ከምዘይትፈልጥን ፈፂማ ከምዘይሓገዘቶምን ነገረቶም። ንልዕሊ ሓደ ሰዓት ክሓትዋን ክምርምሩዋን ፀንሑ። ንሳ ግን ዋላ ሓንቲ ኸምዘይትፈልጥ ደጋጊማ ነገረቶም።

ብድሕር`ዚ ናብ ምድሪ ኣውዲቖም ብሳእኖም ብተደጋጋሚ ኣብ ዝባና እናረገፁ ወቕዑዋ። ድሕሪኡ ሓደ ኻብቶም ወተሃደራት ንመሓዝኡ ፀዊዑ መቐስ ከምፅኣሉ ክነግሮ ኸሎ ሰምዐት። ኣዝያ ፈሪሓ ስለ ዝነበረት ከይጐድእዋ ለመነቶም። ንሳቶም ግን ብፍፁም ክሰምዑዋ ኣይደለዩን። ኣእጋራ ድማ ንሕድሕዶም ሓዙዋ። ሓደ ወተሃደር ከኣ ነቲ ደጋዊ ክፋል ማህፀና ብጭካነ ቘረፆ። ነቲ ኩነታት ብናታ ኣንደበት እንትትገልፆ፣ ከምዚ ትብል፣ "ብዙሕ ደም ይፈስሰንን እበክን 'ኳ እንተነበርኩ፣ እቶም ወታሃደራት ግን መጥቃዕቶም ኣየቋረፁን። ከቢድ መጉዳእቲ ክሳዕ ዝበፅሐኒ ድማ ደጋዊ ክፋል ማህፀነይ ቈረፅዎ" በለት። ኣስዕብ ኣቢላ እውን "እዚ ተግባር፣ ብጣዕሚ መቕንዘዊ እዩ ነይሩ" በለት።

እቶም ፈፀምቲ ገበን፣ ብምቕራፅ ደጋዊ ክፋል ማህፀና ኣይዓገቡን። ድሕሪኡ ላምባ ኣብ ኣካላታ ኣፍሲሶም ብሓዊ ኣቃፀሉዋ። ዝተወሰነ ክፋል ገፃ`ውን ነደደ። ዕድል ጌራ ድሕር`ዚ ኹሉ ምቅፃልን ምፍሳስ ደምን ብህይወት ተረፈት። "ድሕሪ`ዚ ኹሉ ምቅፃል ሓዊን ብዘይ ምግብን ማይን ንሰለስተ መዓልቲ ኣብ ምድሪ ተደብርየ ድሕሪ ምፅናሕን ብህይወት ክተርፍ ምኽኣለይ ተኣምር እዩ" በለት።

ኣብ ምድሪ ወዲቓ ሓዲጎምዋ ምስ ከዱ ዘድሕና 'ውን ኣይነበረን። ኣሓታ ብዛዕባ እቲ ዝኾነ ነገር ምስ ሰምዓ ናብ ገዝኣን ወሲደን ብባህላዊ ሕክምና ቍስላ ንኽትሓዊ ዝከኣለን ገይረን እየን። እንተ`ኾነ፣ እዚ ሓጋዚ ኣይነበረን። እቲ ቑስሊ ድማ እናገደደ ኸደ። ሕክምናዊ ኽንክን እትገብረሉ ማእከል ጥዕና ኣይነበረን። ጊዜ እናወሰደ ምስከደ ድማ እቲ ቍስሊ ሓሰኸ።

ድሕሪ ዝተወሰነ እዋን፣ ሰራዊት ምክልኻል ትግራይ ነቲ ኸባቢ ምስተቖፃፀሩዎ፣ ዝተወሰነ ሕክምና ናይ ምርካብ ዕድል ተረኸበ። ክኢላታት ሕክምና ድማ ብዝርካቦም ክትትል ሕክምና ገበሩላ። እንተ`ኾነ ግን፣ እቲ ዝተገበረላ ክትትል ነቲ እተቖረፀ ክፋል ደጋዊ ማህፀንና ክሕውዮ ኣይከኣለን። ክሳብ ሐዚ ከቢድ ስቓይ ይስምዓ። ሓድሓደ ግዜ ምስ ደም ዝተሓዋወሰ ሽንቲ ይመፃ። ሕክምናዊ ሓገዝ ክትረክብ ትደሊ። እትነብረሉ ቁሸት ግን ካብ መቐለ ኣዝዩ ርሑቕ እዩ። ብተወሳኺ`ውን ንመጓዓዝያ፣ ንሕክምናን ካልኦት ወፃኢታትን ንምኽፋል ዘኽእል ዓቕሚ የብላን።

ብዛዕባ ሃለዋት በዓል ገዝኣን ወዳን ክሳብ ሐዚ ሰሚዓ ኣይትፈልጥን። ኣብ ትግራይ ኣገልግሎት ተሌኮምኒኬሽን ኣገልግሎት ምስ ተመልሰ እውን ክይተረፈ ካብቲ ክልል ዝደወለላ ሰብ ኣይነበረን። በዓል ገዝኣን ወዳን ብህይወት ናይ ምርካብ ተስፋኣ ዝፀልመተ ም`ኳኑ ትዛረብ።

➔

## ኣሰቃቒ ዛንታ ይሕደጋ

ይሕደጋ ትበሃል። ካብ'ቶም ኣብ ትግራይ ዝርከቡ ብሄር ኩናማ እያ። ካብቲ ሰራዊት ኤርትራ ዘውረዶ ጭካነ ዝተመልኦ ፆታዊ ዓመፅ ብሂወት ዝተረፈት እዛ ጓል 24 ዓመት ንእስቲ፣ ሐዚ ኣብ ክልልና ካብ ዝርከቡ መዕቖቢ ተመዛበልቲ (IDP) ኣብ ሓዲኡ ትነብር። ናብ መዕቖቢ ተመዛበልቲ ቅድሚ ምምፅኣ፣ ኣብ ክልል ትግራይ ኣብ እትርከብ ንእሽቶይ ከተማ ትነብር ነይራ። እቲ ኲናት ምስ ተላዕለ፣ ሰራዊት ኤርትራ ነቲ እትነብረሉ ዝነበረት ከባቢ ምሉእ ብምሉእ ተቖፃፂሮዎ። ናብ'ቲ ቦታ ካብ ዝመፁሉ ጊዜ ኣትሒዞም ንፁሃት ተጋሩ ክቕትሉ ጀመሩ። ሃይማኖታውን ባህላውን ስርዓተ ቀብሪ ከይፍፀም ድማ ኸልከሉ።

እዛ ግዳይ፣ ነቲ ብ 2013 ዓ.ም ኣብ ልዕሊኣ ዝተፈፀመ ግፍዒ ዓመተ ምሕረቱ 'ምበር ትኽክለኛ ዕለቱን ወርሑን ኣይትዝክሮን። ነቶም ኣብ ልዕሊኣ ዝተፈፀሙ ጥቕዓታት ግን ፈፂሞም ካብ ሕልንኣ ኣይጠፍኡን። ሰለስተ ወተሃደራት ኤርትራ ናብ ገዝኣ ኣተው፣ ብመጀመርያ ንበዓል-ገዝኣ ክምብርከኽ ብምግባር ኣእዳውን ኣእጋሩን ንድሕሪት ብምእሳር (ብተለምዶ ቑፅሪ 8 ዝበሃል ኣተኣሳስራ) ከሳቕይዎ ጀመሩ። ስዒቡ ድማ ንዓኣ ኣብ ቅድሚ-ዓይኒ ዝተኣሰረ በዓል ገዝኣ ብጭካነ ዓመፅዋ። ይሕደጋን በዓል-ገዝኣን ንኽገድፍዎም 'ኳ እንተ ተማሕፀንዎም እቶም ፈፀምቲ ግን ክገድፍዎም ኣይደለዩን፤ እኳ ደኣስ ብዝኸፈአ መልክዑ ቐፀሉ። ካብቶም ወታሃደራት እቶም ኽልተ ኣብ ተመሳሳሊ እዋን ብማህፀናን መሃንቱሳን ዓመፅዋ፤ እቲ ሳልሳዮም ድማ ስዒቡ ምዕማፁ ቀፀለ። ሙሉእ ድሕሪ ቐትሪ፣ በዚ መንገዲ እዚ ክዕምፅዋ ምስ ወዓሉ ነዚ ፍፃመ ኣሲሮም ክርእዩን ክሳቐን ዘገደድዎ ብተደጋጋሚ ክሓድግዎም ዝልምን ዝነበረ በዓል ገዝኣ ብጭካነ ኣብ ቕድሚኣ ረሸንዎ። ብንቡር ክቕበር 'ውን ኣይፈቐዱን።

ግፍዒ እቶም ወታሃደራት ብዙይ ኣየብቅዖን፤ መዓልቲታት ዘቑፀረ ዝሓበጠ ሬሳ በዓል ገዝኣ ዝፈጥሮም ዝነበረ ሕማቕ ጨና ከይተፀየፉ ብተኸታታሊን ብዕስለን ንመዓልቲታት ምዕማፆም ኣየቋረፁን፤ ብፆታዊ ባርነት የመና ኣሳቐዩዋ። ክትንቀሳቐስን ክተምልጥን ብዘይምኽኣላ ኩሉሻዕ እናተመላለሱ ኣብ ልዕሊ ይሕደጋ ፆታዊ ጥቕዓቶም ቐፀሉ። ግፍዒ ኣብ ልዕሊ ግፍዒ ወታሃደራት ኤርትራ መልክዑ እናቐየረ ብምኻድ፡ ብደም ዝጠልቀየ ረሳሕ ጨርቂ ናብ ማህፀና፣ ናይ ካሊእ ሰብ ደም ዘለዎ ክዳንን ካልስን ናብ ኣፋ ምእታው፣ ናብ ኣካላታ ኬሚካል ብምፍሳስን ብዝረሰነ ሓፂን ሰውነታ ብምንዳድን ኣብ ልዕሊ ስቓይ ስቓይ ፈፀሙላ። እዞም ተግባራት ካብቲ ኸባቢ ናብ ካልእ ኸባቢ ክሳብ ዝቕየሩ ይፍፅሙዎ ነይሮም።

እቶም ወታደራት ካብቲ ኸባቢ ምስ ኸዱ፣ ይሕደጋ ብሓገዝ ጐረባብታ ንቱ ንብዙሕ መዓልቲታት ኣብ ውሽጢ ገዝኣ ዝቐነየ ሬሳ በዓል ገዝኣ ብዘይ ሃይማኖታዊን ባህላውን ስርዓት ኣብ ጥቓ ገዝኣ ኣብ ዝርከብ ቦታ ቐበረቶ።

ይሕደጋ፣ ጐረባብታ'ውን ብወታሃደራት ኤርትራ ብተመሳሳሊ ተግባር ኣገዲዶም ድሕሪ ምዕማፆም ክፍሊ ኣካላተን ዝቖረፅወን ግዳያት ምንባረን 'ውን ተረደአት። ኣብ ከባቢኣ ዝተቐተሉ ብዙሓት ሰባት ከምዘለው'ውን ፈለጠት። እቶም ወታሃደራት ጥቕዓት ኣብ ዘብፅሑላ እዋን ብፀያፍ ቃላት መንነታ የናሽው ከም ዝነበሩን ተጋሩ ንምጥፋእ ዕላማኦም ከምዝኾነን ይነግርዋ ዝነበሩ ብተግባር ኹሉ ምፍፃሞም ተገንዘበት።

እቶም መጥቃዕቲ ዘብፅሑላ ዝነበሩ ኣባላት ሰራዊት ካብ'ቲ ቦታ ምስ ገለሱ ድሕሪ ዝተወሰነ እዋን ይሕደጋ ሕክምና ናብ እትረኽበሉ ማእኸል ጥዕና ኸደት ኮይኑ ግን ካብቲ ዝነበራ ከቢድ ቁስለትን ስቓይን ብተወሳኺ ጥንስቲ ከምዝኾነት እዉን ኣብቲ ማእኸል ሕክምና ብዝተገበረላ ምርመራ ተነገረት። ይኹን'ምበር ይሕደጋ ንዝበፅሓ ግፍዒ ስዒቡ ዓርሰ ቕትለት ንምፍፃም ዘኽእልዋ ነገራት ትወስድ ብምንባራ እቲ ተፈጢሩ ዝነበረ ጥንሲ ክቋረፅ ክኢሉ።

ይሕደጋ ኣብዚ ሐዚ እዋን ኣብ ምሉኡ ኣካላታ ቃንዛ ኣለዋ፤ ካብ ማህፀና ብዘይምቍራፅ ዝወፅእ ዘይንቡር ፈሳሲ ኣለዋ፤ እቲ ዝኸፍአ ድማ፣ እቲ ማህሰይቲ ብዝፈጠረላ ከቢድ ስነ-ኣእምሮኣዊ ቅልዉላዉ ምስ ኣባላት እቲ ማሕበረሰብ፣ ብፍላይ ከዓ ምስ ወላዲታ ክትረዳዳእ ኣይከኣለትን፤ ንወላዲታ ክሳብ ክሳደን ምሕናቕ ዝበፅሕ ፈተነ ስለዝገበረት፣ ተፈልያ ክትኸድ ተገደደት። ይሕደጋ ወትሩ ድቃስ ኣይትረክብን፤ ብኣባላት ስድራቤታ ስለ ዝተገለለት ድማ ተስፋ-ቆረፅ ኮይና ትርከብ። ዋላ'ኳ ስነ-ኣእምሮኣዊ ኽንክን ይግበረላ እንተሃለወ፣ ምስ ዝኾነ ይኹን ኣካል ኣይትሰማማዕን።

## መጠቓለሊ

ዕድመ ግዳያት ፆታዊ ጥቕዓት ትግራይ፣ ዋላ'ኳ ካብ ቆልዓ ክሳብ ሽማግለ ዘጠቓልል እንተኾነ፣ መብዛሕቲኦን ግዳያት ኣብ መፍረዪ ዕድመ ዝርከባ ንኡሳት እየን። ከም

መጠን ንኡሳት ድማ፣ ንባዕለን፣ ንስድራአንን ንሃገረንን ብዙሕ ከበርክታ ዝኽእላ እየን። እንተኾነ፣ ብሰንኪ'ቱ ዓመፅ፣ ፀገማት ፍርሕን ኣብ ደቂ-ተባዕትዮ እምነት ምስኣንን ይረኣየወን። ዝነበረን ኩሉ ብምስኣነን ድማ ናብ ንቡር ህይወተን ክምለሳን ምስ ማሕበረሰበን ክወሃሃዳን ብዙሕ ዝፅገማ እየን። ስለዚ፣ ሕክምናዊ ክንክን፣ ስነ-ልቦናዊ ሓገዝን ሃይማኖታዊ ማዕዳን የድልየን። ፍትሒ'ውን ይጠልባ። እንተዘይኮይኑ፣ ኣብ መፃኢ ህይወተን ከቢድ ጥዕናዊ ፀገማት ከጋጥሙወን ይኽእሉ።

ብተወሳኺ፣ ኩሉ ንብረተንን ሃፍተንን ተሰሪቑ እዩ። ስለዚ፣ ሓዱሽ ህይወት ንኽጅምራ፣ ገንዘባውን ንዋታውን ሓገዝ የድልየን። ኣብዚ፣ ንክምዚኣን ዝበላ ግዳያት ንምሕጋዝ ተሳትፎ ስድራ ግዳያት፣ መንግስታዊ መሓውራት፣ ሰብ-ሞያ ጥዕና፣ ከምኡ'ውን ተሳትፎ መራሕቲ ሃይማኖትን ማሕበረሰብን የድሊ። እንተኾነ፣ እቲ ፅንተታዊ ኩናት፣ ንትካላት ጥዕናን ካልኦት ወሃብቲ ሓገዝ ትካላትን ስለዘዓነወን ብኻልኦት ምኽንያታትን፣ ክሳብ ሐዚ ዝተገብረለን ሓገዝ ኣዝዩ ትሑት 'ዩ ወይ የለን። ስለዚ፣ እዚ ጉዳይ ዝሐሸ ትኹረት፣ ተሳትፎን ተገዳስነትን ይጠልብ።

■ ■ ■




ኣብ ትግራይ፣ ሓይልታት ምክልኻል ሃገር ኢትዮጵያ፣ ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ፣ ሓይልታት ክልል ከምኡ'ውን ምስኦም ምትእስሳር ዘለዎም ምልሻታትን ጃምላዊ ቅትለት፣ ሰፊሕን ስርዓታውን ዓመፅን ንጅምላዊ ቅትለት፣ ኣብ ልዕሊ ደቂ ኣንስትዮን ኣዋልድን ዓመፅን ፆታዊ ጥቕዓትን፣ ኮነ ኢልካ ንክጠሚ፣ ኣገዲድካ ክመዛበል ምግባርን ከምኡ'ውን ሰፊሕ ኢደወነናዊ ማእሰርቲን ሓዊሱ ብዘሰንብድ ብርኪ ግህሰትን ሰፋሕቲ ግፍዕታት ከም ዝፍፀሙ መርትዖታት ረኺብና። እዞም ተግባራት ንገበናት ኲናትን ገበናት ኣንፃር ሰብኣውነትን ዝመጣጠኑ እዮም።.

*(ኣቦ ወንበር ዓለም ለኸ ኮሚሽን ክኢላታት ሰብኣዊ መሰላት ኣብ ኢትዮጵያ፣ ሚ/ር መሓመድ ቻንደ ዑስማን፣ ኣብ መበል 78 ኣኼባ ሓፈሻዊ ጉባኤ ሕቡራት ሃገራት፣ ሳልሳይ ኮሚቴ ዝሃብዎ መግለፂ)*




ድሕሪ ምፍራም ስምምዕ ሰላም'ዉን ወተሃደራት ኤርትራ ፆታዊ ዓመፅ ብምፍፃሞም ይኸሰሱ።

*(ዜና ቢቢሲ)*



ጫፍ ግፍዕታት ሰራዊት ኢትዮጵያ፣ ኣብ ልዕሊ ሰላማውያን ተጋሩ
Atrocities committed by Ethiopian Forces on Civilian Tigrayans



ሰራዊት ኢትዮጵያ፣ ንሰላማውያን ተጋሩ ብጅምላ ብኣእማን ቀጥቂጦም እንትቐትልዎም
Ethiopian troops stoned to death civilian Tigrayans.



## ውሽጣዊ ዓቕሚ መዕበይ ስልጠና

4 ሰነ 2015ዓ.ም.፣ ኮሚሽን መፅናዕቲ ጀኖሳይድ ትግራይ ምስ ዳይሬክተራት ማእኸል መፅናዕቲ ኣብ ዙርያ ዝተመሓየሹ መረዳእታ መአከቢ ቅጥዕታት (updated data collection instruments) ሪፖርትን ምይይጥን ኣካይዱ። ኸምኡ 'ውን ንድጋፍ ወሃብቲ ሰራሕተኛታት ኣብ ባጀትን ትልምን፣ ጉዳያት ፋይናንስ፣ ዕድጊትን ምሕደራ ንብረትን ኦዲትን ቁፅፅርን ብዝምልከት ናይ ውሽጣዊ ዓቕሚ ምዕባይ ስልጠና ኣሳሊጡ።



## ናይ ኣሰልጠንቲ ስልጠና

17 ግንቦት 2014ዓ.ም.፣ ኮሚሽን መፅናዕቲ ጀኖሳይድ ትግራይ ካብ ኣብያተ ዕዮ ክልል ትግራይ፣ ኩለን ዞባታት ትግራይን ዩኒቨርሲታት ትግራይን ተወኪሎም ንዝመፁ ንኣሰልጠንትን መተሓባበርትን ኣብ እዋን ቖፀራን ምርመራን ንዝህሉ መረዳእታ ናይ ምእካብ ወፍሪ ኣተኩሩ ዘሳለጦ ናይ ኣሰልጠንቲ ስልጠና።



## ዋዕላ ምኽክር

18 ለካቲት 2014ዓ.ም.፣ ኮሚሽን መፅናዕቲ ጀኖሳይድ ትግራይ ምስ ላዕለዎት ሓለፍቲ መንግስቲ ሓቢርካ ምስራሕ ኣብ ዝከኣለሎም ኹነታት ኣድሂቡ ዘሳለጦ ናይ ምኽክር ዋዕላ።



## ዋዕላ ምኽክርን ስልጠናን

24 ለካቲት 2014ዓ.ም፣ ኮሚሽን መፅናዕቲ ጀኖሳይድ ትግራይ ካብ ኩለን ክፍለ ከተማታት ከተማ መቐለን ካብ ደቡብ ምብራቕ ትግራይን ተወኪሎም ንዝመፁ ኣካላት ናይ ስልጠናን ምኽክርን ዋዕላ ኣካይዱ።

ኣብቲ ዋዕላ ብዛዕባ ኮሚሽን ዕላማን ተልእኾን ፅሑፍ ዝቐረበ እንትኾን ብተወሳኺ ኣብ እዋን ግጭት ስነዳን ሪፖርትን ከመይ ከምዝዳሎ፣ መሰረታዊ ፅንሰ ሓሳብን ርድኢትን ዓለምለኸ ገበናት ከምኡ ‘ውን ኣገዳስነት ዳህሳስ ኢኮኖሚያዊ ጉድኣትን ዝምልከት ንተሳተፍቲ ዕሙቕ ዝበለ ስልጠና ተዋሂቡ።



## ዋዕላ ምኽክር

24 ጥሪ 2014ዓ.ም.፣ ኮሚሽን መፅናዕቲ ጀኖሳይድ ትግራይ ምስ ሓለፍቲ ሚድያን ኮሙኒኬሽንን፣ ስቪክ ማሕበራትን ትካላት ፋይናንስን ናይ ምኽክር ዋዕላ ኣሳሊጡ። ብዛዕባ ስልጣንን ተልእኾን እቲ ኮሚሽን ኣመልኪቱ ፅሑፍ ዝቐረበ እንኸውን ብምቕፃል ምስ ተሳተፍቲ ዘተን ምኽክርን ብምክያድ ተዛዚሙ።

## መድረኽ ምልላይን ምይይጥን

4 ግንቦት 2014ዓ.ም.፣ ኮሚሽን መፅናዕቲ ጀኖሳይድ ትግራይ ምስ ኹሎም ሰራሕተኛታቱ ናይ ምልላይ መድረኽ ምስ ኣሳለጠ ኣብ ዙርያ ዓለም ለኸ ገበናትን ጀኖሳይድን ድማ መሰረታዊ ፅንሰ ሓሳብ ፅሑፍ ቐሪቡ እዩ። ብምቕፃል ዘለውዎ ቐፀልቲ ዕማማትን መደባትን ብኸመይ ኣዋዲድኻ ክስርሑ ከምዘለዎምን ኣመልኪቱ ምይይጥ ተኻይዱ።



## ዋዕላ ምኽክር

17 ለካቲት 2014ዓ.ም.፣ ኮሚሽን መፅናዕቲ ጀኖሳይድ ትግራይ ምስ ቢሮ ፍትሒ፣ ሰብ ሞያ ሕጊን ካልኦት መዳርግቲ ኣካላትን ኣብ ዙርያ ንድፊ መጣየሺ ኣዋጅ ኮሚሽን ዘካየዶ ናይ ምኽክር ዋዕላ።





ኣብ ክልል ዓፋር፣ ከተማ ሰመራ ዝርከብ ተጋሩ ተጨፍጪፎም ዝተቐበርሉ ናይ ጅምላ መቓብር።
Mass graves of massacred Tigrayans in Semera town, Afar region.



*ስጋ የማነይቲ እግራ ብኻራ ዝተቐለጠት ሳምራዊት ገብረሂወት*

ግዳይ፣ ሳምራዊት ገብረሂወት ገብረኣነንያ ትበሃል። ሐዚ ጓል ሸውዓተ ዓመት እያ። ብሰራዊት ኤርትራ ክሳብ ብኻራ ምትልታል ዝበፅሕ ግፍዒ ዝበፅሓ ግና ጓል 5 ዓመት እናሃለወት እዩ። ሳምራዊት፣ ነባሪት ዞባ ምብራቕ ወረዳ ሓውዜን፣ ጣብያ ደብረ-ሰላም እያ። እትነብረሉ ፍሉይ ቦታ፣ ኣብ እግሪ ታሪኻዊ ገዳም ኣቡነ ይምኣታ ኣብ ዝርከብ ኣቦይመኣታ ዝበሃል ቦታ እዩ። ኣባላት ሰራዊት ኤርትራ ሚያዝያ 30/2013 ዓ/ም ናብ`ቲ ቦታ ኣትዮም 19 ሲቪላት ብግፍዓዊ ጨፍጫፍ እንትቕትሉ፣ ኣዶን ክልተ ኣሕዋትን ሳምራዊት`ውን ተቐቲሎም።
ንባዕላ ድማ ካብ የማናይ እግራ ክሳብ ጫፍ ማህፀና ዘሎ ስግኣ ብኻራ ቀሊጦምዎ። ድሕሪ ብዙሕ ከርተትን ሓገዝ ሓኻይም ዓይደር ሪፈራል ሆስፒታልን ድማ ብተኣምር ህይወታ ተሪፉ።
ኣብ ጀኖሳይድ ትግራይ ዘይተነገረ ’ምበር ዘይተፈፀመ ነገር የለን!

**ኣብ ትግራይ ሐዚ ’ውን ፆታዊ ዓመፅ ይበዝሕ ኣሎ – ፀብፃብ**

ዕጡቓት ሓይልታት ኤርትራን ኢትዮጵያን ከምኡ ’ውን መላፍንቶም ምልሻታትን ኣብ ትግራይ ሰፊሕን ስርዓታውን ፆታዊ ዓመፅ ይፍፅሙ ከምዘለው ሓድሽ ፀብፃብ ኣቃሊዑ።
እቲ ብሓካይም ሰብኣዊ መሰላትን (PHR) ኣብ ቀርኒ ኣፍሪቃ ትካል ፍትሕን ተሓታትነትን (OJAH) ዝቐረበ ፀብፃብ ኣብ ሕዳር 2015ዓ.ም. ስምምዕ ምቁራፅ ተፃብኦታት (CoHA) ምስተፈረመ ሰዒቡ ኣብ ዘለው ኣዋርሕ ዝተፈፀመን እቲ ዝዓበየን እዩ።




ብኣባላት ሰራዊት ምክልኻል ኢትዮጵያ፣ ብሓይልታት ምክልኻል ኤርትራን ካልኦት ተሓባበርቲ ፍሉያት ሓይልታትን ጉጅለታት ምልሻን ሰፊሕ ዓመፅን ፆታዊ ጥቓዓትን ፈፂሞም እዮም።

*(ሪፖርት ኣምነስቲ ኢንተርናሽናል)*

# ዜና እንትዕፊን፣ ፀልማት ይነግስ፣ ጭንቂ ይዓሰል




*ሰባት ኣብ ኣደባባይ ሮማናት ተኣኪቦም ሚድያ እንትከታተሉን ስክሪን ሾት እንትቀባበሉን ዘርኢ ካብ ማሕበራዊ ሚድያ ዝተረኸበ ፎቶ*

ኣብ ሳልሳይ ዓለም፣ ዝኾነ ኣብ ደልሃመት ዝነብር ህዝቢ ብዙሕ እዩ። እንተኾነ፣ እዚ ናይ ትግራይ ግን ኩነታት ኣፈፃፅማኡ፣ ዝወሰዶ ጊዜን ዝተፈፀመሉ ዓመተ ምሕረትን ኣብ ግምት ብምእታው፣ እዚ ዝተፈለየ ባህሪ ከምዘለዎ ዝሰማምዑ ብዙሓት እዮም። ነዚ ንናይ ትግራይ ዝተፈለየ ባህሪ ዘላብሱዎ ባህርያት ሓደ፣ ሚድያን ኮምዩኒኬሽንን ዓፂኻ (ኣፀልሚትካ)፣ እሞ ኸዓ ኣብ`ዚ 21 ክ/ዘበን፣ ዝተገብረ ምኳኑ እዩ።

እዚ ዘለናሉ መዋእል፣ መሰል ደቂ-ሰባት ትኹረት ዝረኸበሉ፣ ኣብ ደቂ-ሰባት “ዳግም ፅንተት ከይፍፀም!!” (Never Again!!) ተባሂሉ ዝተምሓለሉ ጊዜ እዩ ነይሩ። ብተግባር እንትርአ ግና፣ ከምቲ ጆርጅ ኦርዌል ኣኒማል ፋርም (Animal Farm) ኣብ ዝብል መፅሓፉ ዝበሎ፣ “ኩሎም እንስሳት ማዕረ እዮም፣ ገለ እንስሳት ግና ካብ ካልኦት እንስሳት ብዝበለፀ ማዕረ እዮም።” ዝብል ዘይተፅሓፈ ሕጊ እንትሰርሕ ትዕዘብ። “ኩሉ ማዕረ እዩ” ዝብል ኣበሃህላ ንሃልኪ ፖለቲካዊ ግቡእነት (political correctness) ካብ ምውዓል ሓሊፉ ኣብ ሃገራት ኣፍሪካን መሰል ሃገራትን ንእንነብር ሰባት ዝረብሕ ነገር ከምዘይብሉ ተራእዩ። “ኣበደን! ንኻልኣይ ጊዜ” ዝብል መፅብዓ እውን ንኹሉ ዘይውክል ምኳኑ ናይ ትግራይ ተሞክሮ ፅቡቕ መርኣያ ኮነ። እዚ ኹሉ ማሕላን መፅብዓን፣ ንህዝቢ ትግራይ ካብ ፅንተት እንተድሕኖ ኣይተርኣየን። ተሓለቕቲ ሰብኣዊ መሰላትን መንግስታት ዓበይቲ ሃገራትን “ኣተሓሳሲቡና” ካብ ዝብል መግለፂ ዝዘለለ ተግባራዊ ስጉምቲ እንትወስዳ ኣይተርኣያን። እዚ ምንኣስ ተገዳስነት፣ ንከም እኒ ዶ/ር ቴድሮስ

ኣድሓኖም ዝበሉ ሰባት ውፅኢት ኣፈላላይ ሕብሪ ቆርበት ዝብል ትርጉም ከምዝህቦም ተዛረቡ። እዚ ድማ ንዩክሬን ዝተውሃበ ግብረ መልሲ ብምርኣይ ክረጋገፅ ዝኽእል ሓቂ ነበረ።

እታ እንኮ ንሰበ-ስልጣን መንግስቲ ፀላዕላዕ ዘበለት በትሪ፣ ካብ ኣጎዋ ምብራር ነበረት። ኣጎዋ ኢትዮጵያ ቀረፅ ከይከፈለት ፍርያታ ኣብ ዕዳጋታት ኣሜሪካ ክትሸይጥ ዘኽእላ ዕድል ነበረ። እዚ ድማ 100 ሽሕ ኢትዮጵያውያን ንዕድል ስራሕ ክረኽቡን፣ እታ ሃገር 100 ሚልዮን ዶላር ዓመታዊ እቶት ክትረክብን ምኽንያት ዝኾነ እዩ። እዚ ኣብ ኢኮኖሚ እታ ሃገር ዘስዕቦ ውድቀት ከቢድ እኳ እንተነበረ፣ እታ ሃገር፣ ንጥፍኣት ተጋሩ ክሳብ ዝወዓለ፣ ድላዩ ዓይነት ዋጋ ንምኽፋል ዘለዋ ቅሩብነት ኣመስከረት። ብምኳኑ ድማ፣ እዚ ስጉምቲ'ውን ንተጋሩ ካብ ጥፍኣት ከናግፎም ኣይከኣለን።

ኣብ ትግራይ ንኹሉ ኣባል ማሕበረሰብ ናብ ሓደ ሳፁን ጨፍሊቕካ ናይ`ታ ሃገር ቁልፊ ስልጣን ብዝጨበጡ ሰባት ገበነኛ እንትበሃልን ካብ ትግራይ ወፃኢ ዝነበር ትግራዋይ እንትህደን፣ እንትእሰር፣ ገዛኡ እንትጉሕጓሕ፣ እንትቃፀል፣ ዝሰዓበ ነዚ ጠጠው ከብል ዝኽእል ስጉምቲ ኣይነበረን። ከም "ዝብኢ ቀትሪ"፣ "ነኻሲ ጡብ፣ "ፃህያይ"፣ "መንቀርሳ"፣ ወዘተ... ዝበሉ ካብ ስብነት ዘውርዱ ፀርፊታት እንትዘንቡሉ እውን ዓገብ ዝብል ኣካል ኣይነበረን። እዞም ካብ ሰብነት ዘውሩዱ ጠቐነታት ንፅንተት ፀረግቲ መንገዲ ምኳኖም እናተፈለጠ፣ ሱቕ ተብሃለ።

> ትግራዋይ ካልኣይ መዓልቲ እግሪ ከይተክል ብምሕሳብ፣ ሓረስታይ ሓሰሩ ተባርዐ፣ ኣርዑተ ነዊቱ ተቓፀለ፣ ኣእኻሉ ምስ ሓመድ ተሓወሰ፣ ሕሩጩ ማይ ኣተዎ፣ ኣብዑሩ ተሓረዱ፣ መናእሰይ ተቐተሉ፣ ኣዴታትን ኣዋልድን ተደፈራ፣ እቲ ካብ ሞት ዝተረፈ ህዝቢ ትሕቲ ሰብ ስነ-ልቦና ክላበሰ ተገበረ።
>
> "

እዚ ተግባር፣ ኣይኮነን ዕጡቕስ ዘይተዓጠቐ`ውን ድላዩ ንኽገብር ስነ-ልቦናዊ ድልውነት ዘስንቐ ነበረ። ኣብ ስራሕ ዝፀንሓን ሓደሽቲ ዝተኸፈታን ናይ መንግስትን ውልቀን መራኸብቲ ሓፋሽ ኢትዮጵያ እውን፣ ነዚ ተግባር ምፅልእላእ ተዋዲደን ወፈራሉ። እተን ብፅልኢት ትግራዋይ ብዝኸሓኑ ዲያስፖራ ኢትዮጵያውያን ዝዝወራ ሚድያታት ድማ ፍረ ፃዕረን ዝረኸባ ኮይኑ ተሰምዐን። ነቲ ገበን ምፅልእላእ ብቐሉዕ ከካይዳኦ ፍቓድ ረኸባ። እቲ ሓዱሽ ስርዓት፣ ነተን ስራሐይ ኢለን ኣንፃር ረብሓ እታ ሃገር ዝሰርሓ ዝነበራ ትካላት ሚድያ ሓንጎፉይ ኢሉ ተቐበለን። እቲ ዘይፍትሓዊ ታሪኽ እዛ ሃገር "ዝሞተልኪ ተረሲዑ ዝቐተለኪ በልዐ" ዝብል ኣበሃህላ ሐዚ እውን ተደገመ። ኣብ`ዚ እዋን እዚ፣ እተን ነዚ ወፍሪ ምፅልእላእን ፅለመን ከምኪታ ትፅቢት ዝግበረለንን ኣብ ትግራይ ዝርከባን ክልተ ተሌቪዥናትን ሬድዮታትን ካብ ጥቕሚ ወፃኢ ኮና። መብራህቲ፣ ስልክን ኢንተርኔትን ተቛረፀ። ትግራይ ከም ትግራይ ኣብ ደልሃመት ኣተወት። ኮቫችን ሮዘንቴልን (2014) ከም ዝበሉዎ፣ ፍሰት ዜና እንትዕገት፣ ድቕድቕ ፀልማት ይወድቕ፣ ጭንቂ ይዓስል። ኣብ ትግራይ ዝተፈፀመ`ውን ንሱ ነይሩ። ማንም ኣብ ዘይሪኣሉን ዘይሰምዐሉን ኩነታት፣ ብዙሓት ዓይነት ግፍዕታት ኣብ ትግራዋይ በፅሑ።

ትግራዋይ ካልኣይ መዓልቲ እግሪ ከይተክል ብምሕሳብ፣ ሓረስታይ ሓሰሩ ተባርዐ፣ ኣርዑተ ነዊቱ ተቓፀለ፣ ኣእኻሉ ምስ ሓመድ ተሓወሰ፣ ሕሩጩ ማይ ኣተዎ፣ ኣብዑሩ ተሓረዱ፣ መናእሰይ ተቐተሉ፣ ኣዴታትን ኣዋልድን ተደፈራ፣ እቲ ካብ ሞት ዝተረፈ ህዝቢ ትሕቲ ሰብ ስነ-ልቦና ክላበሰ ተገበረ። እቲ ብመድሓኒት ዕድሚኡ ዝደፍእ ዝነበረ መድሓኒት ተኸልከለ፤ ምግቢታትን ካልኦት ንምቕፃል ህይወት ወሰንቲ ዝኾኑ ነገራትን ከይኣትዉ ተኸልከሉ። ካሊእ ተሪፉ፣ ለገስቲ ሃገራትን ትካላትን ዘቕርቡዎም ናይ ምግቢ ሓገዛት እውን ከይኣትዉ ተኸልከሉ። እቲ ካብ ጠያይትን ደብዳባት ነፈርትን ዝተረፈ ህዝቢ ብሕማምን ጥሜትን ክመውት ተፈርዶ። ወላድ ኣብ ትካላት ጥዒና እትወልደሉ ዕድል ሰኣነት፤ ህፃናት ብዘይ መዕበዪ ተረፉ። እዚ ኹሉ እንትኾን፣ እቲ ቁልፊ ስልጣን እዛ ሃገር ዝሓዘ ሰብ "ኣብ ትግራይ ጥሜት የለን፣ ኣብ`ቲ ቦታ ፀገም ኣሎ፣ መንግስቲ ድማ ነዚ ፀገም ናይ ምእላይ ተኽእሎ ኣለዎ" እንትብል ንቢቢሲ ዘይኮነ ምስሊ ክህብ ፈተነ። እቲ ንሓደጋን ቅድመ-ድልውነትን ክመርሕ ዝተቐመጠ ኮሚሽነር`ውን ኣብ ትግራይ ጥሜት ምህላዉ ክሓደ፣ ዝኾነ ዓይነት ሓገዝ ኣብ ዘይነበረሉ እዋን 90 ሚኢታዊ ህዝቢ ትግራይ ናይ ምግቢ ሓገዝ ከም ዝረክብ ኣምሲሉ ተዛረበ።

በቲ ኻሊእ ገፅ ድማ፣ ናብ ማሕበረሰብ ዓለም ዘቃልሑ ጋዜጠኛታት ከይኣትዉ ተኸልከሉ። እታ ብፀቢብ ኣፍደገ ዝኣተወት ናይ ሲኤንኤን ጋዜጠኛ ንዒማ ኤልባግር ናይ ዓለም ትኹረት ክስሕቡ ዝኽእሉ ጉዳያት ኣውፅአት።

➔

እንተኾነ እቲ ስርዓት ነዚ ከም ጌጋ ብምቑፃር ነቲ ናብ ትግራይ ዘእቱ ኣፍደገ ኣዐርዩ ለኾቶ። ናይ ውሽጢ ዓዲ መራኸቢተ ሓፋሽ ድማ ምንም ነገር ከም ዘይተፈጠረ ብምምሳል ካብ ዓለም ለኻዊ ትካላትን መንግስታትን ድምፂ እንትስማዕ ግብረ መልሲ ኣብ ምሃብ ተፀምዱ።

ኣብዚ ከይዲ፣ ከም ትግራይ ሚድያ ሃውስ (TMH)፣ ኣሰና፣ ደደቢት ወዘተ... ዝበላ ኣብ ደገ ዝተጣየሻ መራኸቢተ ሓፋሽ ነቲ ክፍተት ክመልኣ ፈተና። ኢትዮ- ፎረም ’ውን ካብቲ ዝረኽቦ ውሱን ሓበሬታ ተበጊሱ ኣብ መንጋጋ ፀላኢ ብምዃን ነቲ ግፍዒ ከቃልሕ ፈተነ። እንተኾነ፣ እቲ ኣብ ትግራይ ዝነብር ህዝቢ፣ ሓበሬታ ዝረኽበሉን ድምፁ ዘስምዐሉን ዕድል ኣይነበሮን። እቲ እንኮ ዕድል፣ ብዝተፈላለየ መንገዲ ብቪሳትን (V-SAT) ኣቢልካ ካብ ዝርከብ ኢንተርኔት እናውረድካ ዝዝርግሑዎም ቪድዮታትን ፅሑፋትን ነበሩ። ተንቀሳቐስቲ ስልኪታት ነቲ ንምፍጣረን ምኽንያት ዝኾነ ምድዋል ስልኪ ክህባ ዘይኽእላሉ ኩነታት ተፈጠረ። ኣብ ክንዳኡ ግደ ላምባዲናን ቴሌቪዥንን ክፃወታ ጀመራ። ኣዴታት ካብ ትግራይ ወፃኢ ምስ ዘለዉ ኣባላት ስድራ ንምርኻብ መዓልቲታት ክጎዓዛ ተገደዳ። ድሃይ ውላድካ ወይ ኣሚንካ ሓንቲ ጊዜ ብስልኪ ክትረክብ መዓልቲታት ትጎዓዝ። ኣብ ሞንጎኡ ንኽንደይ ገልታዕታዕ ትቃላዕ። ኣብ ክንደይ ቁም-ነገር ዝውዕል ዝነበረ ሓይሊ ሰብ፣ ጊዜኡ ጀነሬተር ኣብ ዝርከቦ ቦታ ሞባይል ቻርጅ ምግባር ሓዊሱ ካሊእ ተራ ስራሕ ኣብ ምስራሕ ከውዕሎ ተገደደ። ንገለ ኢንተርኔት ናይ ምርካብ ዕድል ምስ ዘለዎም ምትእስሳር ዝነበሮም ሰባት፣ ቪድዮታት፣ ምስሊታትን ፅሑፋትን (Screenshots) እናኣከብካ ንሰባት ናብ ሞባይል ምሕላፍ ወይ ናብ ፍላሽ ምሃብ ኣትራፊ ስራሕ እናኾነ ከደ። ክገዝእ ዝኽእል እናገዝአ፣ ዘይክኣለ ድማ ካብ መሓዙቱ ብምውሳድ ሓበሬታ ክረክብ ፈተነ። ዘዳምፀሉ ሞባይል ኮነ ኮምፒተር ዘይብሉ ወይ ቻርጅ ክገብር ዘይክኣለ ድማ፣ ንዕዳጋኦም ኢሎም ብስፒከር ዜናታት ዘጋውሑ ነጋዶ ኣብ ዝርከቡሉ ጎደናታት ጠጠው ኢሎም ዘዳምፁ እውን ነበሩ። ሰባት ብዛዕባ ፖለቲካ እታ ሃገርን ውፅኢት (ዜና) ዝካየዱ ዝነበሩ ውግኣትን ዘውግዑሉ ጊዜ ነበረ። ብሓባር ተራኺብካ ምውጋዕ፣ ኣብ ርእሰኻ ንዝፍጠሩ ሕቶታት ንምትንፋስን ጭንቀት’ኻ ንምቅላልን እውን የገልግል ነበረ። እቶም ካብ ኢንተርኔት ኣውሪድካ ብሞባይል ዝዝርግሑ ዝነበሩ ዜናታትን ትንተናታትን ድማ ከም መዘራረቢ ዛዕባ ኮይኖም ይጠቕሙ ነበሩ።

ድሕሪ ውዕሊ ፕሪቶርያ ’ውን እንተኾነ፣ መራኸቢተ ሓፋሽ ከምድላየን ኣትየን ስቅያት ትግራይ ዘቃልዓሉ ዕድል ኣይረኸባን። ብርግፅ፣ ኣብ ዝተወሰነ ክፋል ትግራይ ዝነብር ህዝቢ፣ ሰሪሑ ክኣቱ፣ ደቁ ናብ ቤት ትምህርቲ ክሰድድ፣ ናብ ንቡር ናብራ ክምለስ ዝፈተነሉ ኩነታት ’ውን ነይሩ። እንተኾነ፣ ናብታ ንደሓር ገፆም ገዲፎምዋ ዝመፁ ምውቕቲ ገዛኦም ዝምለሱላ መዓልቲ ዝናፍቑ፣ ሐዚ`ውን ብሓለንጊ ጥሜት ዝጥወቑ፣ ኣብ ኬንዳ ተደብርዮም ክርፋሕ ናብራ ዝመርሑ ወገናት ብዙሓት እዮም። እዚኣቶም፣ ድምፆም ክስማዕ ይደልዩ። ንሕቶኦም ተግባራዊ መልሲ ዝህቦም ይደልዩ። ነዚ ሕቶ ተቐቢሉ ናብ ዝምልከቶ ኣካል ናይ ምቕራብ፣ “ከምዚኣ ኢልካ ነይርካ`ሞ ኣበይ በፅሐት” ኢልካ ናይ ምክትታል ሓላፍነት ድማ ናይ ሚድያ እዩ። እተን ናብ ስራሕ ዝተመልሳን ኣብ ደገ ኮይነን ንህዝበን ንምግልጋል ላዕልን ታሕትን ዝብላን መራኸቢተ ሓፋሽ ነዚ ቅድሚት ክሰርዐኦ ይግባእ። ኣብዚ ሐዚ እዋን ተፈናቐልቲ ወገናትና ብዝሓሸ ዝሕገዙሉን ብቕፃልነት ነናብ መረበቶም ዝምለሱሉን መንገዲ ዝምልከቱ ገዲፍካ ናብ መዘናግዒ ዘተኩሩ መደባት ምብዛሕ ሓላፍነት ዝጎደሎ ኣካይዳ ትዕዘብ። ተፈናቐልቲ ወገናትና፣ “ተረሲዕና፣ ተናዒቕና፣ ከምዘይረአ ተራኢና” ዝብል ስምዒት ከይሓድሮም ዘድሊ ኩሉ ጥንቃቐ ምግባር ዘድሊ’ኳ እንተኾነ ብዕቱብ ክትግበር ግን ኣይከኣለን። መራኸቢተ ሓፋሽ ድማ ነዚ ዛዕባ ቐዳምነት ብምሃብ ወሳኒ ተራ ክፃወታ ይግበአን። መራኸቢተ ሓፋሽ፣ ንባዕልተን እውን ኣብ ቃለን ክርከባ፣ ንሰበ-ስልጣናት ኣብ ቃሎም ክርከቡን ከምኡ ’ውን ተሓታትነት ክሰፍንን ኣበርቲዐን ክሰርሓ ይግባእ። ካብ ደልሃመት ካብ እንወፅሎም መንገዲታት ሓዲኡ እዚ ከይኮነ ኣይተርፍን።

■ ■ ■







ኣብ ዞባ ማእኸል ትግራይ፣ ዓዲ ኣይቆሮ ዝበሃል ከባቢ ብዕለት 12 ሚያዚያ 2013ዓ.ም. ሰራዊታት ኢትዮጵያን ኤርትራን ብዝፈፀምዎ ዘሰካሕክሕ መጥቃዕቲ ፃዕዳ ፎስፈረስ ግዳይ ዝኾነት ጓል 13 ዓመት ቅሳነት ገ/ሚካኤል።

On 20 April 2021, a 13-year-old girl, Kisanet G/Michael was one of the victims of a white phosphorus attack by Ethiopian and Eritrean armies in Adi’Ayqoro, Central zone of Tigray.



ሰነ 15, 2013ዓ.ም.፣ ካብ መቐለ ንሰሜናዊ ምዕራብ ከባቢ 29ኪ.ሜ. ርሒቓ እትርከብ ከተማ ቶጎጋ ኣብ ሰሙናዊ መዓልቲ ዕዳጋ ሰሉስ ብነፈርቲ ውግእ ዝተሓገዘ ብዝተፈፀመ መጥቃዕቲ፣ ብውሕዱ 64 ሰባት ሞይቶም፣ 180 ድማ ቆሲሎም።



መቐለ፣ ብደብዳብ ነፈርቲ ዝዓነወ መሰፍን እንዳስትሪያል እንጂነሪንግ



ዓድዋ፣ ብደብዳብ ነፈርቲ ዝዓነወ ኣልመዳ ጨርቃ ጨርቂ ፋብሪካ



ኣብ ደቡብ ትግራይ፣ ከተማ ኮረም ብመጥቃዕቲ ድሮን ዝተጨፍጨፉ ንፁሃን



ኣብ ምዕራብ ትግራይ፣ ከተማ ማይ ፀብሪ ኣብ ዝነበሩ ብመጥቃዕቲ ድሮን ዝተጨፍጨፉ ንፁሃን



ኣብ ምዕራብ ትግራይ፣ መዕቖቢ ተፈናቐልቲ ደደቢት ብመጥቃዕቲ ድሮን ዝተጨፍጨፉ ተፈናቐልቲ



ኣብ ምዕራብ ትግራይ፣ ዓዲ ዳዕሮ ብመጥቃዕቲ ነፈርቲ ውግእ ዝተደብደበ ምንበሪ ገዛውትን ዝተጨፍጨፉ ንፁሃንን

9 ታሕሳስ 2013ዓ.ም.፣ ብወተሃደራት ኢትዮጵያን ኤርትራን ዝተደብደበን ዝተዘረፈን መስጊድ ኣልነጃሺ።
18 December 2020, Alnejashi Mosque was bombed and looted by Ethiopian and Eritrean troops.







ብፀላእቲ ዝተቓፀሉን ዝተቐዳደዱን ቅዱሳት መፃሕፍቲን ዝዓነወ ቤተ ክርስተያንን

Invading forces joind hands to destroy everything about Tigrayans including their sacred books and churches.



ኣብ ክልል ዓፋር፣ ነበርቲ ከተማ ኣብዓላ ዝኾኑ ተጋሩ ዝመሃርሉ ዝነበረን ብጉጅለ ተወለድቲ ዓፋር ዝተጉሓለን ዝዓነወን ቤት ትምህርቲ።

A school that used to serve the Tigrayan community in Abala town of the Afar region, was looted and destroyed by Afar ethnic groups residing in the area.



15 ሕዳር 2012፣ ብደበዳብ ከቢድ ብረት ወረርቲ ሓይልታት ዝዓነወ ኣብ ምብራቓዊ ዞባ ትግራይ፣ ከተማ ነጋሽ፣ ውቕሮ ዝርከብ ደብረ መድሃኒት ኣማኑኤል ቤተ ክርስትያን ማዓጎ።

Debre Medhanit Amanuel Ma‘go Church, found in the Eastern Tigray, Negash town, was shelled by invading forces on 24 November 2020.




**November, 2020**

'Eritrean forces killed hundreds of unarmed civilians in the city of Axum in November 2020 through indiscriminate shelling and shooting and extrajudicial killings, in what the human rights organization says could amount to a crime against humanity'
*(Amnesty International)*

**January, 2021**

The US calls on Eritrea to "immediately" withdraw its troops who have been fighting in Tigray.

**February, 2021**

A CNN investigation brings to light a massacre which took place during a religious festival in the town of Dengelat late last year. Eyewitnesses told CNN that a group of Eritrean soldiers opened fire at church during a service, claiming the lives of priests, women, entire families and a group of more than 20 school children on November 30, 2020.

US Secretary of State Antony Blinken calls for the withdrawal of Eritrean and Ethiopian regional forces from the Tigray region and an end to killings and human rights violations.

**March 2021**

UN High Commissioner for Human Rights Michele Bachelet calls for an independent investigation into human rights violations that may amount to war crimes in Tigray, days after CNN's exclusive report about the massacre in Dengelat.

During a Congressional committee hearing, US Secretary of State Antony Blinken condemns acts of "ethnic cleansing" to the human rights abuses he says are being carried out in Western Tigray, calling the situation "unacceptable."

**May, 2021**

US President Joe Biden calls for a ceasefire and an end to "large-scale human rights abuses" in Tigray.

**June, 2021**

The UN and international aid groups say more than 350,000 people in Tigray are facing "catastrophic" levels of "acute food insecurity" or famine, with millions more at risk.

The Ethiopian Prime Minister Abiy Ahmed has frequently cut off power, Mob-Phone Access to the region. We know that the forces allied to the Ethiopian government have damaged and looted health facilities. *(Samanta Power, USAID Director)*



When I met the Ethiopian leaders on February, they really use this kind of language that they are going to destroy the Tigriyans and they are going to wipe out the Tigriyans for 100 years.

*(Pekka Havviesto, Former Special Envoy to European Union)*

**August, 2021**

Widespread rape and sexual violence carried out by members of the ENDF, the Eritrean Defense Force (EDF), and other aligned Special Forces and militia groups.
*(Amnesty International Report)*

**September, 2021**

'All the hallmarks of Genocide as defined by the international law are committed in Tigray………..'

*(CNN Report)*

**October, 2021**

A CNN investigation finds that the Ethiopia's government used Ethiopian Airlines, the country's primary commercial airline, to shuttle weapons to and from neighboring Eritrea during the war. *(CNN Report)*

**November, 2021**

"Now we are hearing countless horrific accounts of rape is being used as weapons of war, a violence against civilians, of hunger been used as tool of war, a famine looming, UN staffs been expelled………. Ethiopians are killing Ethiopians thousands by the day"
*(Linda Thomas-Greenfield, US Ambassador to UN)*

Do you believe genocide is underway in the region?............. Yes, and I have said so. As we see genocide is unfolding, we need to do everything we can to stop it and we need to call it as such" *(BOB Mendez, US Senator)*

Ethiopia's conflict-torn Tigray region is under a "systematic blockade", Tedros Adhanom Ghebreyesus, the World Health Organization (WHO) director-general says, warning that people were starving to death and dying from a lack of access to medicine. *(Aljazeera)*

**November, 2021**

What's unfolding in Ethiopia has all the makings of genocide and we cannot wait for this to become another Rwanda before we take action. *(Brad Sherman, US Senator)*


ALJAZEERA News Israel War on Gaza Features Opinion Video

News

**Ethiopia's Tigray is under a 'systematic' blockade: WHO chief**

*Tedros Adhanom Ghebreyesus also said Tigrayans across the country were being profiled and arrested by the thousands.*

Ethiopia's conflict-torn Tigray region is under an "effective blockade", the World Health Organization chief Tedros Adhanom Ghebreyesus said [File: Fabrice Coffrini/Reuters]

**January, 2022**

An airstrike in Ethiopia's northern region of Tigray has killed 56 people and wounded at least 30 in a camp for the internally displaced. The strike hit the camp in the town of Dedebit in the north-west of the region... *(The Guardian)*

**April, 2022**

"We will erase you from this land" Crime against Humanity and ethnic cleansing in Ethiopia's Western Tigray Zone, April, 2022. *(Human Rights Watch and Amnesty International Report)*

**October 6, 2022 –**

… an air strike in Adi Daero kills more than 65 people and injures more than 70. Many of those killed are displaced people sheltering inside a school building. *(BBC)*

**December, 2022**

We have seen 20,000 (Twenty Thousand) soldiers in Ethiopian arm is imprisoned months ago simply because of their Tigrayan heritage *(Brad Sharman, US Senator/Congressman)*

**January, 2023**

"Nowhere in the world are we witnessing hell like in Tigray," WHO's chief Tedros says, as a blockade prevented medicines and other life-saving supplies from reaching the northern region.

**September, 16, 2023**

Sexual violence in Tigray still rife – report
Eritrean and Ethiopian armed forces, as well as associated militias likely perpetrated sexual violence on a widespread and systematic basis in Tigray, Ethiopia, A new report has revealed. The report by Physicians for Human Rights (PHR) and the Organization for Justice and Accountability in the Horn of Africa (OJAH) zooms into the months that followed the signing of the Cessation of Hostilities Agreement (CoHA) in November 2022 (Monitor)

**March, 2023**

October, 2023 'We found evidence of wide-ranging atrocities. In Tigray, Ethiopian National Defense Force, Eritrean Defense Forces, regional forces, and affiliated militias perpetrated violations and abuses on a staggering scale, including mass killings, widespread and systematic rape and sexual violence against women and girls, deliberate starvation, forced displacement, and large-scale arbitrary detentions. These acts amount to war crimes and crimes against humanity.

*(Statement of the Chairperson of the International Commission of Human Rights Experts on Ethiopia, Mr. Mohamed Chande Othman, at the 78th Session of the UN General Assembly, Third Committee)*

**October, 2023**

Just days before a deal to end the war in Ethiopia's Tigray region, soldiers from neighboring Eritrea last fall massacred more than 300 villagers in Mariam Shewito over the course of a week, according to witnesses and victims' relatives.

*(The Washington Post, Published February 28, 2023)*



ወተሃደራት ኢትዮጵያ፣ ከብቲ ሓረስቶት ትግራይ እናሓረዱ ይበልዕዎም




ብሰንኪ ኣብ ትግራይ ዝተኣወጀ ጀኖሳይዳዊ ኲናት ኣብ ከርፋሕ ህይወት ይነብሩ ዘለው ተመዛበልቲ ወገናት

ኣብ ክልል ዓፋር፣ ከተማ ኣብዓላ ዝነበሩ ተጋሩ ገዛዉቶም ብተወለድቲ ዓፋር ‘ ናይ ክርስትያን ገዛ’ ዝብል መፍለዪ ተፃሒፍሎም ኣብ ገዝኦም እናሃለው መጥቃዕቲ በፂሑዎም።








9 ሕዳር 2012ዓ.ም.፣ ብወተሃደራት ኤርትራ ዝዓነወ ኣብ ምብራቓዊ ዞባ ትግራይ ከተማ ዛላምበሳ (ዶብ ትግራይን ኤርትራን)፣ ልጋት ኣብ ዝበሃል ኸባቢ ቀበሌ ኣዲስ ኣለም ዝርከብ ቤተ ክርስቲያን ጨርቆስ።

On November 20, 2020 , A Church dedicated to Cherkos located in the Eastern zone of Tigray, Zalambessa town (Tigray-Eritrea border), in an area called Lgat in Kebelle Adis Alem was destroyed by Eritrean troops...



75 ዓመት ዝዕድሞእን ኣደይ ብርዛፍ ገብረመድህን ተመዛቢለን ኣብ መዓስከር ዓብይ ዓዲ ይርከባ፤ ንመዓልታት እኹል ምግቢ ብዘይምርካበን ብጥሜት ይህሰያ ከምዘለዋ ይዛረባ።

*(ዘ ጋርድያን፣ 01 ነሓሰ 2015ዓ.ም.)*

ፎቶ ብሄጃር ጉቲረገዘ



ጀኖሳይድ ትግራይ ዘበት ከይድገም! ዘበት ከይርሳዕ!!
Never Again and Never Forget the Tigray Genocide!!